# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 36 ዓመት ቁ.51 | ሓሙስ 29 ጥቅምቲ 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብመንጽር ሰነዳት ኢትዮጵያ

ገጽ 5 — ምልላይ፡ ምውሳንን ምሕደራን መሻርኽቲ



ገጽ 10 — ዘመናይ ምጩውቲ



ገጽ 11 — ጨመተ ቶኽሲ - ብክልቲኡ ጾታ




## ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ ኣብ ሞስኮ ብወግዒ ተኸፊቱ







ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፌደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን እውን ይሳተፉ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝሳተፎ ዘለዉ ንክልተ መዓልታት ዝቕጽልን 3ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ትማሊ ኣብ ሰዓታት ድሕሪቐትሪ ኣብ ከተማ ሞስኮ ብፕረዚደንት ፌደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ብወግዒ ተኸፊቱ።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ ዘሰመዖ መደረ፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዋዕላ ንፌደረሽን ሩስያን ኣፍሪቃን ናብ ዕቤት ኣብ ዘምርሑ ጽላታት ኢንዳስትሪ፡ ሕርሻ፡ ቁጠባ፡ ስቡ ሰርሖ ብልሒ፡ ሳይንስ፡ ባህልን ካልእን ብዕምቈት ብምዝታይ፡ ብሽርክነት ንምስራሕ ከምዝኾነ ሓቢሩ።

ኣፍሪቃ ብዙሕ ሃብቲ ዘለዋ ኣህጉር ከም ምዃና ማጠን ጸጋታታ ባዕላ ክትመሓደር ዕድል ዘይምሃብን ዘይምትብባዕን መርኣያ ሓድሽ መግዛእቲ ከምዝኾነ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ፑቲን፡ ኩሉም መግዛእታዊ ሓድግታት ከውገዱ ከምዝኾንኡ ጸቒጡ ብምዝራብ፡ ሩስያ ብዘለዋ ተመክሮን ምዕባለኣዊ ኸኣ ኣብ ብዙሕ ዓውድታት ብፍላይ ድማ ኣብ ምስጋጋር ቴክኖሎጂ ክትተሓባበር ቅሩብቲ ምዃና ኣረጋጊጹ።

ኣቦመንበር ሕብረት ኣፍሪቃ ፕረዚደንት ብሩንዲ ኤቫሪስተ ንዳይሺሚየ ብወገኑ፡ ኣፍሪቃ ዝለዋ ሃብታም ጸጋታት ብሽርክነትን ንሓባራዊ ረብሓታት ብዘገልግልን ንምምዕባሉን ኣብ ጥቕሚ ንምውዓሉን ኣገዳሲ ከምዝኾነ ገሊጹ።

ሳልሳይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ ሎሚ 29 ጥቅምቲ ቀጺሉ ከውዕል'ዩ።

ኣብ'ዚ ዋዕላ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፌደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን እውን ይሳተፉ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ ብ26 ጥቅምቲ ፍርቂ ለይቲ'ዩ ናብ ሩስያ ገይሹ።

ቀዳማይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ 2019 ኣብ ከተማ ሶቺ፡ ካልኣይ ድማ ኣብ ወርሒ ሓምለ 2023 ኣብ ከተማ ሰይንት-ፒተርስበርግ፡ "ንሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን" ብዝብል ቴማ ምኪያዱ ዝዝከር'ዩ።

## ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን፡ ድሉውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣረጋጊጾም



ኣብ ሽወደን፡ ጀርመን፡ ኣንጎላ፡ ኣውስትራልያ፡ ደቡብ ሱዳንን ፈረንሳን ዝነብሩ ዜጋታት፡ ብ24ን 25ን ጥቅምቲ ኣብ ዘካየድዎ ህዝባዊ ሰሚናራት፡ ውዳበታቶም ብምሕያል ንጥፈታት ህዝባዊ መኸተ ንምዕዋት ድሉውነቶም ኣረጋጊጾም።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ሃገራት ስካንዲናቭያ ኣቶ መሓመድዓሊ መሓመድሰዒድ፡ ንህሉው ኩነታት ኣመልኪቱ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ስቶክሆልምን ከባቢኣን - ሽወደን ኣብ ዘካየዶ ሰሚናር፡ ዜጋታት ንቕሓቶም ብምብራኽን መሳርዖም ብምስጣምን ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ብምዝኽኻር፡ ኤርትራ - ሕመረት ሰላምን ዞባዊ ምርግጋእን ብምዃና ኣብ ምስፋሕ ሽርክነት ማእከል ዝገበረ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ምቕሉል ተራኣ ትጻወት ከምዝነበረት ገሊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ "ክተት፡ ክሱብ ርገጽ ዓወት!" ብምባል፡ እዋናዊ ተልእኾ ብኣድማዕነት ንምትግባርን ሃገር እትሓቶ ንምምላእን ድሉዋት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ጀርመን ድማ፡ ብሃገራዊ ሾሞንተ ከተማታት ዞባ ኖርድራይን ቨስትፋለን ተወዲቡ ኣብ ከተማ ቦኾርታል ኣብ ዝተቓነየ ኣስታት 400 ዜጋታት ዝተሳተፍዎን ተመሳሳሊ ሰሚናር፡ ጠቕላሊ ቆንስል ኣቶ ክብርኣብ ተኸስተን ሓላፊ ህዝባውን ኮማዊን ጉዳያት ኣቶ ጠዓመ ሃይለን ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገር ብመንጽር ሃገራዊ መድረኻዊ ተልእኾ ሰፊሕ መግለጺ ኣቕሪቦም።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ኣንጎላ - ጠቕላሊ ቆንስል ኣቶ ደሳለ ተኽለኣብ ኣብ ዞባ ሉባንጎ፡ ሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኣቶ ሓጎስ ዘሚካኤል ድማ ኣብ ዞባታት ቤንጌላ፡ ሁዋምቦን በየን ንዝነብሩ ኤርትራውያን ተመሳሳሊ ሰፊሕ ሰሚናር ኣካይዶም።

ንማሕበረኦም ኤርትራውያን ነበርቲ ደቡባዊ ክፋል ኣደላይድ - ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ሰሚናር ከኣ፡ ጠቕላሊ ቆንስል ኣቶ እንድርያስ ኣብርሃምን ሓላፊ ህዝባውን ኮማዊን ጉዳያት ኣቶ ያሲን ዑመርን፡ ንቕሓት ዜጋታት ኣብሪኹ ድሉውነቶም ዘረጋግጽ መግለጺ ከምዝህቡ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝጸሓፈ ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ኣብ ረፓብሊክ ደቡብ ሱዳን ድማ፡ ቆንስል ጸጋይ መሓሪ ኣብ ከተማ ዋው፣ ሓላፊ ህዝባውን ኮማዊን ጉዳያት ኣቶ ሮሞዳን ኣሕመዲን ድማ ኣብ ከተማ ኣዌል፡ ኣብ ህሉው ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ዘተኮረ ሰፊሕ መግለጺ ሂቦም።

ብተመሳሳሊ፡ ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ፈረንሳ ኣቶ በረኸት ጳውሎስን ሓላፊ ህዝባውን ኮማዊን ጉዳያት ኣቶ ካሕሳይ ተወልደን፡ ንኤርትራውያን ነበርቲ ከተማ ፓሪስን ከባቢኣን ኣብ እዋናዊ ጉዳያት ሰፊሕ ሰሚናር ኣካዪዶም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ንምዕቃብ ካብኦም ዝሕተት ኩሉ ከማልኡ ዘለዎም ድሉውነት ኣረጋጊጾም።

ዜና

# ደ/ቀ/ባሕሪ - ገምጋም ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ተኻየዱ



ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ፡ ሎሚ ዓመት ካብ 8 ስነ ጀሚሩ ን4ሓደ ወርሒ ንዘተኻየደ ወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ዝገምገመ ርክብ፡ ብ24 ጥቅምቲ ኣብ ዓሰብ ኣካይዱ።

ኣብ'ቲ ናይ ስራሕ መኻርኽቲ ዝተረኽበሉ ገምጋም፡ ኣወሃሃዲ ናይ'ቲ ወፍሪ መምህር ብርሃ ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ 570 ተመሃሮ ኣርባዕተ ናይ 2ይ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተሳተፍዎ ወፍሪ፡ ብቐንዱ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ምግራብን ዘተኩረ ምንባሩን ብጽቡቕ ከም እተዓመ ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ኣብ ከባቢ ዓሰብ ኣብ ዝርከብ ገማግም ኣየሮራ፡ ኣብ ኣርባዕተ ሄክታር 200 ኣግራብ ዓርኮብኮባይን 300 ኣግራብ ሾራን ክትከል ከሎ፡ ኣብ ደሴት ፋጥማ ምእካብ ፍረን ምትካል ኣግራብ ሾራን ዘጠቓልል ስራሕ ከም እተሰላሰለ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ መምህር ፍስሃየ ኪዳነ ብወገኑ፡ ብወፍሪ ተመሃሮ ንልምዓት ንዝተኻየደ መደብ ድሕሪ ምምዃሱ፡ ተመሃሮ ኣብ ቀጽሪ ኣብያተ-ትምህርቶም ንዝተተኽለ ኣግራብ ናይ ምክንኻንን ምክትታልን ሓላፍነት ስለዘለዎም፡ ርእሰ-መምህራን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣተኩሮም ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ሑመድ ዓሊ ሰሮ ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ መደብ ክረምታዊ ልምዓት ተመሃሮ ኣብ ምዕቃብ ሓመድን ማይን ቡቲ ሓደ፡ ምኽንኻስ ባህሊ ስራሕ ድማ ቡቲ ካልእ ዘለዎ ኣበርክቶ ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ብዝለዓለ ብፅቱዕነትን ክቕጽል ተማሕጺኑ።

# ሰንዓፈ - ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ መጠራ፡ ንብሉጻት ተመሃሮኣ ሸሊማ



ኣብ ከተማ ሰንዓፈ እትርከብ ናይ ማእከላይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ መጠራ፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ ዓመተ-ትምህርቲ 2025/2026 ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ተመሃሮኣ ሸለመቶም።

ብ23 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ 6 ደቀኣንስትዮ ዝርከብኦም 16 ተመሃሮ ከም እተሸለሙ፡ ወኪል ኤረና ሓቢሩ።

ካብ ጠቕላላ ዝተፈተኑ 556 ተመሃሮ፡ እቶም 456 ማለት 82 ሚእታዊት ከም ዝሓለፉ፡ ርእሰ-መምህር ናይ'ታ ቤት-ትምህርቲ መምህር ምስግና ይኩኣሎ ገሊጹ።

"ተረኺቡ ዘሎ ዓወት፡ ድምር ወጻኢት ጻዕሪ ተመሃሮ፡ መምህራንን ስድራቤታትን'ዩ" ዝበለ ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ መምህር ዑመርዲን መሓመድ፡ ተሸለምቲ ንዘርኣይዎ ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ብዓወት ዛዚሞም ንካልኦት መንእሰያት ተመሃሮ ብዋብራዊ ስራሕ ኣርኣያ ክኾኑ ኣብ ዝገበር ጻዕራ ስሉሳዊ ዝምድና ወሳኒ ከም ዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሸከር ብወገኑ፡ ንብሉጻት ተመሃሮ ምትብባዕ ኣካል ናይ'ቲ ብቕዓት ትምህርትን ተመሃሮን ንምብራኽ ዝወሰድ ዘሎ ተበግሶታት ከም ዝኾነ ብምሕባር፡ ተማሃራይ ብሉጽ ነጥቢ ከመዝግብ ዘኽእሉ ረቛሒታት፡ ኣብ ርእሲ'ቲ መምህሩ ዘበርክቶ ፍልጠት፡ ናቱ ጻዕርን ናይ ወለዱን ኣለይቱን ምክትታልን ደገፍን ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ብ25 ጥቅምቲ ኣብ ደባርዋ ኣብ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ ስነ-ስርዓት፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 12 ክፍሊ (ማትሪክ) ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ 45 ተመሃሮ ኣባላት 38 ዘርያ፡ ከምኡ'ውን 7 ኣብነታውን መምህራን 2ይ ደረጃ ተተባቢያም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ዳዊት መንግስትኣብ፡ እቲ ዕላማ ኣብ መንእሰያት ተመሃሮ ቅዱስ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ንምስራጽ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ንፈለማ እዋን 'ሽልማት ባሕረ-ነጋሲታት' ከም እተዓደሉ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ኣጋጣሚ፡ 13 ተመሃሮ ምሉእ 4 ነጥቢ፡ 32 ተመሃሮ ድማ ካብ 3 ክሳብ 3.8 ነጥቢ ዘምጽኡ ምዃኖም፡ ሓላፊ ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ መምህር ቴድሮስ ኣብርሃም ገሊጹ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም — ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ — ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ፋጥና ኣድም

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.113395-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284


# ባጽዕ - ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮታት ንተመሃሮ ተዋሂቡ

ኣብ ባጽዕ፡ ኣብ ሕጊ ዘተኩረ ኣስተምህሮታት ካብ 21 ክሳብ 24 ጥቅምቲ ንልዕሊ 1,200 ተመሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ተዋሂቡ።

ኣዛዚ 2ይ መደበር ፖሊስ ባጽዕ ካፕተን ግርማይ ፍስሃጼን፡ ኣብ ኣገዳስነት ሕግን ምክልኻል ገበንን ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ገበናትን በደላትን ንምግታእ፡ ምብራኽ ንቕሓትን ተሳትፎን ተመሃሮ ወሳኒ ከም ዝኾነ ገሊጹ።

መንእሰያት እወታዊ ኣረኣእያን ኣብነታዊ ኣካይዳን ንኽህልዎም፡ ብሕግን ስርዓትን ከምኡ'ውን ብኩብርታት ሕብረተሰቦም ክመላለሱ ብምዝኽኻር ድማ፡ ንቑሕ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ተላቢዩ።

ካፕተን ግርማይ ኣስዒቡ፡ ምክልኻል ጥሕሰት ሕጊ ንፖሊስ ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ስለዘይኮነ፡ ተመሃሮን መንእሰያትን ምስ ፖሊስ ክተሓባበሩ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ መርመራ ገበን ኣቶ ተወልደ ተኽለማርያምን ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ብርሃነ ኣባይን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ንትምህርቶም ካብ ዝዕንቅጽ ዘይተደልየ ወልፍታትን ኣካይዳን ክርሕቑ ምዒዶም።

# ድባርዋ - ነበርቲ ዓዲ ሓርቦ፡ ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ጸጊኖም

ነበርቲ ዓዲ-ሓርቦ - ንኡስ ዞባ ድባርዋ፡ ብዘናብ ክራማት ተበላሽዩ ዝጸንሐ፡ ካብ ዕዳጋ-ድሕና ናብ ዓድም ዘእቱ ናይ ሓመድ ጽርግያ ብወፈራ ጸጊኖም።

እቲ መስመር ካብ ዓበይቲ ኀቦታት ብዘወረደ ውሒጅ ተበላሽዩ ንምንቅስቓስ ተሽከርከርቲ ኣጸጋሚ ኮይኑ ምጽንሑ ዝሓበረ፡ ካብ ኮሚተ ልምዓት ዓዲ ኣቶ ዮሴፍ ጉብረዮውሃንስ፡ ህዝቢ ብዝወሰዶ ተበግሶ ኣብ'ዚ እዋን ከም እተመሓየሸ ገሊጹ።

እቲ መጋቢ ጽርግያ ኣብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታት ዓድታት ናይ'ቲ ከባቢ ኣገዳሲ ምዃኑ ዝጠቐሰ ኣቶ ዮሴፍ፡ እቲ ስራሕ - ምጽጋን ካናለታት፡ ምርግራግ እምኒን ምምድማድ ምሩጽ ሓመድን ዘጠቓለለ ምንባሩ ኣብሪሁ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ኣማድር ኣቶ ደብረጼን ተኽለ ብወገኑ፡ እቲ ናይ ሓመድ ጽርግያ ኣቐዲሙ ብፕሮጀክት ዓዲ-ሃሎ ዝተሰርሐ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ነበርቲ ዓዲ-ሓርቦ ናይ ምክንኻኑ ሓላፍነት ከምዘለዎም ኣዘኻኺሩ።

ዓዲ-ሓርቦ፡ ካብ ከተማ ድባርዋ 11 ኪሎ-ሜተር ንሸነኽ ምዕራብ ርሒቓ ትርከብ።

# ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብመንጽር ሰነዳት ኢትዮጵያ

ኣብ ታሪኽ ዓለምና፡ ንልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ጎረቤት ሃገር ኣፍልጦ ዝሃበ፡ ብዘበሊ. ወግዓዊ ሰነዳት ዝፈረመት እንተላ ኢትዮጵያ ክትከውን ትኽእል'ያ - ዝያዳ መጽናዕቲ ይሓትት። ጉጅለ ኢትዮጵያ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ብምቕባል ካብ ዝፈረመቶ ሰነዳትን ዘሕለፎ ውሳኔታትን ዝሃቦ መግለጺታትን እስከ ፍሩይ ኣብነታት ክንጠቕስ፡

1) ኤርትራ ከም ሃገር ቅድሚ ምቛማ፡ ወደብ ባጽዕ ኣብ ትሕቲ ግብጺ. እንከሎ፡ ንጉስ ኣቢሲንያ ሃጼ ዮሃንስ 4ይ፣ ንግዳዊ ኣቕሓን ኣጽዋርን ብወደብ ባጽዕ ክኣቱ ምስ ብሪጣንያ ብ3 ሰነ 1884፡ 'ውዕል ሀወት' ተባሂሉ ዝፍለጥ ሰነድ ፈሪሙ። ባጽዕ ናይ ኣቢሲንያ ከምዘይኮነት ዘመልክት ሰነድ።

2) ብ25 መጋቢት 1889 ሃጼ ምኒልክ ንገሰ ነገስት ኣቢሲንያ ምኳኑ ኣዊጁ። ድሕሪ ወርሒን ሰሙንን ብ2 ግንቦት 1889 ከኣ፡ ከበሳን ጉማጉም ባሕርን ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ግዝኣት ኢጣልያ ምኳኑ ብምቕባል "ውዕል ወጫሌ" ክቲሙ።

3) 26 ጥቅምቲ 1896 - ድሕሪ ውግእ ዓድዋ፡ ምኒልክ ክሳዕ መረብዘበሱሙና ዘሎ መሬትን ባሕርን ናይ ሎሚ ኤርትራ፡ ግዝኣት ኢጣልያ ምኳኑ ዝቕበል ንውዕል ወጫሌ ዝተክአ "ውዕል ኣዲስ ኣበባ" ፈሪሙ።

4) 10 ሓምለ 1900፡ መረብ በለሳሙና ዶብ ኢጣልያዊ ግዝኣት ኤርትራን ኣቢሲንያን ምኳኑ ዘጽድቕ ካልኣይ ሰነድ ተፈሪሙ።

5) 15 ግንቦት 1902፡ ኣብ መንጎ ግዝኣት ብሪጣንያ ዝነበረት ሱዳን፡ ግዝኣት ጣልያን ኤርትራን ግዝኣት ምኒልክ ኣቢሲንያን ዘሎ ዶብ (ዶብ ምዕራብ ኤርትራ) ዘጽድቕ ውዕል ተፈሪሙ።

6) 16 ግንቦት 1908፡ ብምብራቕ ኣብ መንጽር ጉማጉም ቀይሕ ባሕሪ ዘሎ ነዊሕ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ክሳብ ግዝኣት ፈረንሳዊት ሶማሊላንድ (ጅቡቲ) ዘጽድቕ ሰነድ፡ ኣብ መንጎ ምኒልክን ጣልያንን ተፈሪሙ።

7) 2 ታሕሳስ 1950፡ ሕቡራት ሃገራት ብውሳኔ 390 (A)V ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ክትቀረን ወሲኑ። እዚ ውሳኔ፡ እቲ ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከምዘሎ ዕቁብ ምኳኑ ዘጽድቕ ኮይኑ፡ ኢትዮጵያ ተቐቢላ ፈሪማትሉ።

8) 11 ኑሓሰ 1952፡ ሃጼ ሃይለስላሰ ብጎይቶ ኤርትራ ዝጸደቐ ህገ መንግስቲ (ቅዋም) ኤርትራ ብወግዒ ተቐቢሉ ፈሪሙሉ። እቲ ቅዋም፡ ኤርትራ ነቲ ብመግዛእቲ ዝተሓንጸጸ ዶባታ ሓሊዩ፡ ምስ ኢትዮጵያ ብውዕል ፌደረሽን እትሳሰር፡ ርእሰ ምምሕዳራዊት ኣካል ምኳና ዘጽድቕ እዩ።

9) 14 ሕዳር 1962፡ ባይቶ ኤርትራ ንፌደረሽን ከፍርሶ ድሕሪ ምስገደዱ፡ ሃጼ ሃይለስላሰ፡ እታ ግዝኣት ጣልያን ዝነበረት ኤርትራ፡ መበል 14 ክፍለ ሃገር ኢትዮጵያ ክትከውን ወሲኑ። ዶባታ ግን ከይተተንከፈ. ከምዘለዎ ተዓቂቡ ከምዝተቐጽለ ገይሩ።

10) 16 ግንቦት 1976፡ ስርዓት ደርግ፡ ኤርትራ እቲ ፍሉጥ መግዛእታዊ ዶባታ ተሓልዩ፡ ማሰል ርእሰ ምምሕዳር ክወሃባ (ራስ ገዝ) 9 ነጥቢታት ዝሓዘ፡ ብሰውራ ኤርትራ ተቐባልነት ዘይረኸበ እማመ ሰላም ኣቕሪቡ።

11) 27 ሚያዝያ 1993፡ ወጽኢት ረፈረንዱም ምስ ተኣወጀ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ረፈረንደም ቅቡዕን ፍትሓዊን ምኳኑ ብምእማን ከምዝቕበሎ ኣፍሊጡ።

12) 4 ግንቦት 1993፡ ማሲጋሪ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንሕጋውነትን ልኡላውነትን ኤርትራ፡ ብመሰረት ፍሉጥ ኣህጉራዊ ዶባታ፡ ኣፍልጦ ከም ዝሃበ ወግዓዊ መግለጺ. ኣውጺኡ።

13) 30 ሓምለ 1993፡ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኤርትራን ማሲጋሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን ስምምዕ ሰላምን ምትሕብባርን ኣዲስ ኣበባ ተፈሪሙ።

14) 12 ታሕሳስ 2000፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ፡ ጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት 1900፣ 1902፣ 1908፣ ናይ መውዳእታን ቀያድን ብይን ክወሃቦ ዳግም ክሕንጸጽን ከምልክትን ስምምዕ ኣልጀርስ ፈሪሙ።

15) 13 ሚያዝያ 2002፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብይኑ ሂቡ። ብኡ ንብኡ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ. ኢትዮጵያ፡ ሃገሩ ከም ዝተዓወተትን ነቲ ብይን ብሓጎስ ከም እትቕበሎን ብማዕከናት ዜና ሃገሩ ንህዝቢ. ኢትዮጵያን ዓለምን ኣፍሊጡ።

16) 4 ሕዳር 2004፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ንብይን ኮምሽን ዶብ ኣፈጻጽማ ድሕሪ ምጽናዕ፡ ነቲ ውሳኔ ብመትከል ከም እትቕበሎ ብወግዒ ኣፍሊጡ፣ ትግባረኡ ንምስላጥ ድማ ብዓል 5 ነጥቢ. እማመ ኣቕሪቡ።

17) ሕዳር 2007፡ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ነቲ ልዕሊ. 1000 ኪ.ሜ. ዝንውሓቱ፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ብዮግዞ ምምልካት፡ ብጂኦግራፈያዊ መራኸቢ. ነጥቢታት (Coordinates) እንተላይ ኣሰሩ ዝተኸለሉ ደቂቕ ዝርዝራት ኣጺሩ 45 ካርታታት ንመንግስቲ ኢትዮጵያ ኣረኪቡዎ። ንመንግስቲ ኤርትራን ሕቡራት ሃገራትን እውን ብተመሳሳሊ።

18) 9 ሓምለ 2018፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ፡ ኣብይ ኣሕመድ፡ ኢትዮጵያ ንውዕል ኣልጀርስ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ከም እትቕበሎ ዘጽድቕ "ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኣስመራ" ክቲሙ።

19) 2 ሕዳር 2022፡ ውዕል ፕሪቶርያ፡ ዓንቀጽ 8፡ ኣብ ኣህጉራዊ ዶብ ሰራዊት ናይ ምስሓብን ዶብ ናይ ምሕላውን ሓላፍነት ዘለዎ፡ ፈደራላዊ መንግስቲ ጥራይ ምኳኑ ኣሕጺሩ። እዚ ዓንቀጽ'ዚ. ኣብቲ ውዕል ዝኣተወሉ ምኽንያት፡ ውዕል ኣልጀርስ ተፈጻሚት ንክህልዎን ህውላት ንኸይፀንቅቁን ተባሂሉ እዩ።

ካልእ ዝርዝራት እውን ምውሳኽ ምተኻእለ። ኩሉ'ዚ. ሰነዳት'ዚ. ኣብ ኮበሊ. ቤት መንግስቲ ኢትዮጵያን ኣብ ኩሉ ህዝባዊ መወከሲታትን ዝርከብ እዩ። ጉጅለ ኢትዮጵያ እምበኣር፡ ንልዕሊ. 100 ዓመት ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ኤርትራ ዝቐበል ብዙሕ ሰነዳት እናፈረመ፡ እዩም መጺኡም። እቲ ጸገም ዝፈረሙዎ ዘኾለፉን ተተመሊሶም ዝኽሕዱዎን ምኳኖም እዩ።

ቦርድ ክፍሊ. ጋዜጣ

---

# ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ገምጋም ውጽኢት ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ. ተኻይዱ

## ዜና

ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ወጽኢት ተመሃሮ ብምግምጋም ኣብ መጻኢ. ዝሓሸ ወጽኢት ንምምዝጋብ ዝዓለመ ርክብ፡ ብ26ን 27ን ጥቅምቲ ኣብ መንደፈራ ኣካይዱ።

ኣብ ሃገራዊ መርመራ 8ይ ክፍሊ. ዓመት-ትምህርቲ 2025/2026 ካብ ዝተሳተፉ ኣሰታት 46 ሚእታዊት ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 21,509 ተመሃሮ፡ መጠን ምሕላፍ 66 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኣወሃሃዲ ሃገራዊ መርመር 8ይ ክፍሊ. መምህር ኣስመሮም ሳሲኖስ ገሊጹ።



ኣብ ዓመት-ትምህርቲ 2024/2025 ዝተመዝገበ 72.4 ሚእታዊት ወጽኢት፡ ኣብ ዝሓለፈ. ዓመት ምንካዩ፡ እቲ ጠንቂ ፈሊጥካ ንምምሕያሹ ዕቱብን ወሀድን ስጉምቲ ክውሰድ ዘድሊ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

"ቤት-ትምህርቲ ንርእሱ መምህራ'ያ እትመስል" ዝበለ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ መምህር ሀብትዝጊ. ኪዳነ ብወገኑ፡ ብልዑል ጾሪ ምስራሕ ናብ ዓወት ስለዘመርሕ፡ መምህራን ጸዕሮም ብምሕያል ዕወታት ተመሃሮ ንኽፍርዩ ክጽዕሩ፡ ከምኡ'ውን ኩሉ ኣካል ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ኣመሓደርቲ ከበ. ድማ ብፍላይ ኣብ ምዕዋት መደባት ትምህርቲ እጃሞም ከበርክቱ ተማሕጺኑ።



ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ልዑል ወጽኢት ናይ ዘመዝገባ ንኡሳን ዞባታት ሰኸይቲ፡ ማይ-ዓይኒን ዓዲ-ቐይሕን ተመኩሮ ተራእዩ፡ ወሽጣውን ግዳማውን ጸልዋታት ኣብያተ-ትምህርቲ ክድህሰስ ጸዊዖም።

ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ወከል ክፍሊ. ሓፈሻዊ ትምህርቲ መምህር ኣብርሃም ርእሶም ብወገኑ፡ ዝደኸመ ተመሃራይ ምሕጋዝ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ መምህር ምኳኑ ብምዝኽኻር፡ ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ ንምብራኽ፡ ካብ መጀመርታ ኣትሒዝካ ክስራሕ ከምዘለዎ ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ንኣበርክቶ ኮም ኣብ ምውዳድ መሰረታዊ ትምህርቲ ብምምጓስ፡ መማኣዚ. ሓሳባት ኣቕሪቡ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ደቡብ ንኣጀማምራ ዓመት-ትምህርቲ 2026/2027 ዝምልከት ዘተ ኣካይዱ።

---

# ዓንሰባ - መስርሕ ምዕቃብ ባህላዊ ውርሻታት ብዝለዓለ ክስራሓሉ መዘኻኸሪ ቀሪቡ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ መስርሕ ምዕቃብን ምውርራስን ረቛሕ ባህላዊ ውርሻታትን ኣፋዊ ያታታትን ብሓፈሻ፡ ሓደጋ ምጥፋእ ኣንጸላልዩዎ ዘሎ ድማ ብፍላይ ብዝለዓለ ክስራሓሉ፡ ነበርቲ ዝተፈላለየ ከበባታት ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ጸዊዖም።

ንሳቶም፡ ኣብ ብዙሕ ብሊን ዝዘውተር፡ ዓቕሚ ኣዳም ኣብ ዝበጽሐ ዝፍጸም ወግዒ. ምርጣጡ፡ እናሃሰሰ ብምምጻኡ ንምብርባሩ ብዝለዓለ ክስራሕ ተማሕጺኖም።

እዚ ኣብ ኣባጽሕ ዝፍጸም ወግዒ፡ ኣብ ክፍላ ክረምቲ - ካብ ማርያ ክሳብ መስቀል ኣብ ዘሎ ወቕቲ'ዩ ዝካየድ።

ምርጣጠ ዘይተገብረሉ በጽሓ፡ ኣብ ኩሉ ማሕበራዊ ሂወት ናይ'ቲ ሕብረተሰብ ክሕወሰን ክሳተፍን ከምዘይፍቀደሉ ዝጠቕሱ ወሃብቲ ርእይቶ፡ እዚ ወግዒ ኣገዳሲ. ስለዝኾነ፡ ናብ ዝበለጸ ንኽምለስ ወሀድ ጻዕሪ ክካየድ ተማሕጺኖም።

ብ25 ጥቅምቲ ኣብ ፈለኩት - ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ብምኽራት መንእሰያትን ኣቦ'ቲ ወግዒ እኹል ፍልጠት ዘለዎም ኣቦታትን ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ንመስርሕ ምርጣጠን ኣብኡ ዝቐርብ ያታዊ ጸወታታትን ዘንጸባርቕ ትሕዝቶ ቀሪቡ።

ኣቦ'ቲ ኢጋጥሚ ዝቐረበ ርእይቶታት፡ ኣብ እዋን መርዓ መስርሕ ሸንጋለ ይካየድ'ኳ እንተኾነ፡ ዝወሰደ ግዜ ሓጺር ብምኳኑ፡ እኹል ግዜ ክወሃቦ ወግዒ. ምርጣጠ ክምለስን ዝምሕጸን'ዩ።



ሓላፊ ባህልን ስፖርትን ኣቦ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ዑስማን መሓመድ፡ እቲ ኣብ ምስናድን ምዕቃብን ረቛሕ ባህላዊ ውርሻን ኣፋዊ ያታታትን ዘተኮረ መደብ፡ መቐጸልታ ናይ'ቲ ምስ ህዝቢ. ብምዝታይ ዝዕመም መስርሕ ዕቃብ ከምዝኸኣለ ብምግላጽ፡ ኣቦ'ተን ካልኦት ብሄራት'ውን ክስራሓሉ ምኳኑ ሓቢሩ።

# ዛዕባ ሎሚ

## ዓሎቕ ስርዓት ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ

ናሆም ተስፋሚካኤል
ክፍሊ ምርምርን ሓበሬታን
ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ

ስርዓት ብልጽግና ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዘየቋርጽን ዝተወሃሃደን ናይ ሓሶት ክሲታት ካብ ምዝዋሕ ኣይዓረፈን። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ንመሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ኤርትራ ዝጥሕስ ተጻብኦ መግለጺታት ብሰፊሑ ብሓለፍትን ምሁራንን ጋዜጠኛታትን ካልኦት ዝተዓደጉ ወጻእተኛታትን ዘካተፈ ዜናውን ዲፕሎማስያውን ዘመተ ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ጸዑቕ ጎስጓሳት ክልተ ዝኣንፈቱ እዩ። እቲ ቀዳማይ ኣንፈት፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘለዎ ትረኻ ኣሚኑ ናብ ዘይድልዮ ኩናት ከምዝኣቱ ምግባር፡ እቲ ካልኣይ ድማ ንማሕበረሰብ ዓለም ዲፕሎማስያዊ ቋንቋ ተጠቒምካ ኣጀንዳኻ ምትግባር እዩ።

ስርዓት ብልጽግና ናይ ተልመዴን ፖለቲካዊ ውድብ ከም ምኳኑ መጠን ንኤርትራ ዝያዳ ኣብ ተጸሊኦን ዲፕሎማስያዊ ጸቕጢን ንምእታዋ፡ ሕጂውን ካልእ ክሲታት ብሰፊሑ የዘንቱ ኣሎ። ገለ ካብቶም ብመራሕቲ ስርዓት ብልጽግና ብተደጋጋሚ ዝቐርቡ ክሲታት፡ ኤርትራ ብዋጋ ድኻም ኢትዮጵያ ክትዕቢ ዝወሰነት ሃገር እያ፡ ኤርትራ ኣብ ኢትዮጵያ ንዘሎ ኩሉ መዳያዊ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእን ሓደጋ ምምቕቓልን ጠንቂ እያ ዝብሉ እዮም። እዚ ክሲታት'ዚ ኑቲ ባዕሉ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘሰወሮ ዘሎ ሓዊ ናብ ካልእ ንምጥዋቕ ዝጉብሮ ዘሎ ሃቐነ እዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ንሓድነትን ሰላምን ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን መላእ ኣፍሪቃን ሰላምን ርግኣትን ምእንቲ ክሰፍን ዘይቅዱር ራእዩን ናይ ኩሉ ግዜ ዕላማኡን ምዃኑ ታሪኽ ዘመስከሮ ሓቂ እዩ።

**ኤርትራ ከም ናጻን ልኡላዊትን ሃገር ኣብ ሰናይ ጉርብትና እተሰረተ ናይ ምትሕግጋዝ ስትራተጂ ብምምሃል ንሰላምን ርግኣትን ናይዚ ዞባ ብቐንዱ፡ ብሓፈሻ ድማ ንቕሉት ናይዛ ዓለም እጃማ ንምብርካት ኣብ ንጡፍ ስራሕ ተጸሚዳ ትርከብ ሃገር እያ።** ሓደ ካብ መትከላት ፖሊሲ ዝምድናታት ወጻኢ ኤርትራ፡ **መሬታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሃገራት ጎደቦ ዘኽብር ምሕዝነታዊ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ዝሕብሩ ዝምድና ንምምሃል ምጽዓር እዩ።**

እንተኾነ ቀዳምን ድሕርን ናጽነት፡ ንህላወ ሃገረ ኤርትራ ዝጻረር ፖሊሲ ምዕራብ፡ "ኤርትራ ንሃገረ ኢትዮጵያ ስግኣት እያ" ዝብል ናይ ከይዲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣጠማምታ ዝረዓመ እዩ ነይሩ።

በዚ ፖሊሲ'ዚ ን80 ዓመታት ማለት **ንሰለስተ ወለዶታት ዋጋ ዘኽፈለ** ግጭት ተወሊዑ።

የግዳስ **መርገጺ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኢትዮጵያ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ብዘይቕድመ ኩነት መገዲ ዝተኸተለን ኣብ ዝኾነ መድረኽ ተቐያይሩ ዘይፈልጥን እዩ።** መንግስቲ ኤርትራ'ውን ኣብ ሓድነትን ምርግጋእን ኢትዮጵያ ዘይንቕነቕ መርገጺ እዩ ዘለዎ፡ **"ኩሎም ኣህዛብ ኢትዮጵያ ተኸባቢሮም ብሓድነት ዝነብሩላ ሰምርቲን ብልጽግትን ጎረቤት ሃገር ንኤርትራን እዚ ዞባን ዝሓሸ ረብሓ ምዃኑ"** እዩ ዝኣምን።

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዞም ምስ ዕጥቃዊ ቃልሲ ዘካይዳ ዝነበራ ውድባት ኢትዮጵያ ከም ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ (ህወሓት)፡ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ (ኦነግ)፡ ናይ ህዝብታት ኢትዮጵያ ደሞክራሲያዊ ግንባር (ኢህዴን)፡ ሰውራዊ ሰልፊ ህዝብታት ኢትዮጵያ (ኢህኣፓ) ወዘተ. ዝምድና ብምፍጣር፡ ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ብዝወሓደ መስዋእትነትን ደመኛ ጸላኢ ክልቲኦም ህዝብታት ዝኾነ ደርግ ተኣልዩ መሳል ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ክረጋገጽ፡ እቲ ቃልሲ ክውሃሃድ ይግባእ ዝብል ዘይንቕነቕ መርገጺ እዩ ነይሩዎ።

ውድባት ኢትዮጵያ ንምዕርነታዊ ሓድነት ብሄራት ኢትዮጵያ ብዛዕባ መገዲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከካይዳ ድማ ይደርኽ ነይሩ። ኢትዮጵያ መሳል ማዕርነት ኩሎም ብሄራት ናይ'ታ ሃገር ብዘኽብር፡ ሓቛፊን ኣሳታፍን ሃገራዊ መንግስቲ ክትመሓደር ኣለዋ ዝብል ርእይቶ እዩ ነይሩዎ።

ህዝባዊ ግንባር ንህወሓት ኣብ በረኻታት ሳሕል ስሩዕ ወተሃደራዊ ታዕሊም እናሃበ፡ ፖለቲካውን ቁጠባውን ደገፋት የበርክተሉ፡ ኣብ ደምጺ ሓፋሽ፡ እቲ ውድብ ናይ ገዛእ ርእሱ ፈነወ ከካይድ ይተሓባበር ነይሩ።

ሽሕ'ኳ ኤርትራ ንኣተሓሕዛ ምሩኻትን ግዳያት ኩናትን ዝምልከት ብ1949 ዝጸደቐ ውዕል ጀኒቫ ድሕሪ ናጽነት እንተፈረመትሉ፡ ካብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣትሒዛ ብሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ምሩኻት ኩናት ጸብቒ ታሪኽ ዘለዋ ሃገር እያ። ምሩኻት ወተሃደራት ስርዓት ደርግ ዘድሊ ክንክን እናተገበረሎም፡ ስሩዕ ኣካዳምያውን ፖለቲካውን ትምህርቲ ከም ዝቐሰሙ፡ ኣብ ባህላዊ መደባት ከም ዝሳተፉ ይግበር ነይሩ። ክሳዕ ምስ ቤተሰቦም ናይ ምርኻብ መገዲ ተፈጢሩሎም፡ ኣብ ደምጺ ሓፋሽ መደባት ተዋሂቦም ድምጾም የስምዑ ነይሮም።

እዚ ኣገዳሲ ሓቡሓቡን ኣማእዚኑ ኣተሓሕዛ ምሩኻት፡ ኣብ ምሕያል ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ልዑል ግደ ነይሩዎ። ምሩኻት ወተሃደራት ደርግ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዘቐሰምዎ ፖለቲካዊ ንቕሓት፡ ኣብ ዝተፈላለያ ተቓለስቲ ውድባት ኢትዮጵያ ክስተፉ ክኢሎም። ኣብቲ ድሓር ብኢህወደግ ዝተመስረተ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድማ ዓቢ ግደ ነይሩዎም። ኣብ ዛዝሚ ኩናት ግጥም ግንባር ደቀምሓረ ካብቲ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ 130 ሽሕ ዝበዝሑ **ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት፣ ኣስታት 80 ሽሕ ኣብ መገዲ ከረን ባርካ፡ ኣስታት 21 ሽሕ ኣብ ክሳድ ዒቃ፡ ኣስታት 13 ሽሕ ኣብ ኣስመራን ከባቢኣን፡ ብጠቕላላ 114 ሽሕ ወተሃደራት ተማሪኾም፣ ምሕረት ተገይሩሎም ናብ ዓዶም ምፍናዎም መቐጸልታ ናይቲ ዘይንቕነቕ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ምሩኻት እዩ ዝነበረ።**

ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ፖለቲካውን ሎጂስቲካውን ደገፍ ሓሊፉ፡ ኣሃዱታቱ ናብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብምልኣኽ ምስ ተቓለስቲ ውድባት ይተሓጋገዝ ነይሩ እዩ። ንኣብነት ኣብቲ ናይ መጨረሽታ ግጥማት፡ ኣሃዱታት ኢህወደግ ብመካናይዝድ **ክፍሊ ሰራዊት 74 ብርጌድ 23 ናይ ህዝባዊ ግንባር ደገፍ እናተገበረለን እየን ንስርዓት ደርግ ካብ ስልጣኑ ኣልየንኦ። "ወፍሪ ቴድሮስ"** ኣብ ዝተሰምየ ንክፍላተ ሃገር **ጎንደርን ጎጃምን ሓራ ዘውጸአ፡ "ወፍሪ ቢለሱማ ወልቀጡማ" (ወፍሪ ማዕርነትን ናጽነትን) ንክፍለ ሃገር ወለጋ ሓራ ዝገበረ፡ "ወፍሪ ዋልልኛ"** ንክፍላተ ሃገር **ወሎን ሰሜንን ምዕራብን ክፍለ ሃገር ሸዋን ነጻ ንምውጻእ** ኣብ ዝተኻየደ ጥምጥም ህግሓኤ ዝበሮ ተራ ልዑል ምንባሩ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ኣሎ።

ኣብ መንጎ ተቓለስቲ ውድባት ኢትዮጵያ ዝኽሰቱ ዝነበሩ መቓቕልቲ ኣተሓሳስባታት ንምእራም ህዝባዊ ግንባር ዝወሰዶ ዝነበረ ሰጉምቲ፡ ኤርትራ ብመትከል ግዝኣታዊ ሓድነት ኢትዮጵያ ክኽበር ከምእትደልን ንምብትታና ዕላማ ዘለዎ ምውዳይ ከምእትጻረርን ዘርኢ እዩ።

ድሕሪ ናጽነት ኑቲ ዝነበረ ኩነታት ብሓደሽ ተስፋ ዝሀብ ናይ ምትሕግጋዝን ሽርክነትን ዝምድና ብምትካእ፡ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናብ ረብሓታት ክልቲኡ ህዝቢ ኣተኩሩ ሰሪሖም። ፖሊሲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ሓድነትን ምርግጋእን ኢትዮጵያ ብመድረኻትን ሓያሳቲ ክስተትን ዘይቅዱር ምኳኑ ዘመልከተ ድማ እዩ።

መንግስቲ ኤርትራ ንዋዒሕ ዝጠመተ ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ኢትዮጵያ ኣገልግሎት ወደባት ብናጻ ክትጥቀም ዘኽእላ ፖሊሲ ነዲፉ፣ ኣብ ቁጠባ ክልቲኤን ሃገራት'ውን ናህሪ ዘለዎ ዕብየት ክምዝገብ ክኢሉ። መንግስቲ ኤርትራ ዓቕሚ ሰራሕቱ ወደባት ንምዕባይ ታሪፍ ብ20% ከምዝነድል ስለዝገበረ፡ ብዙሕ ዝራገፍን ዝጸዓንን ንብረት ወሰኽ ኣርእዩ፡ ኢትዮጵያ ተረባሒት ኮይና። **ኢትዮጵያ ንወደባት ዓሰብን ምጽዋዕን ኤርትራ ንምምሕዳራዊ ኣገልግሎት ጥራይ ዝኸፍን ሰማዊ ክፍሊት፡ እሞ ድማ ብጠራ ብር ከፊላ ክትግልገለሉ እዩ ተፈቒዱላ።**

ኣብ 1995፡ ኢህወደግ ሓደሽ ሕገ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዲፉ፡ ሕገመንግስቲ ኢትዮጵያ፡ **ንክውንነት ኢትዮጵያ ኣብ ግምት ዘእተወ ምኳኑ ብምግንዛብ መንግስቲ ኤርትራ ብኢጋኡ'ዩ ተቓውሞኡ ኣሎሚዑ።** እቲ ሕገ-መንግስቲ **ብጭቡጥ ዘጠቓልሎም ምርጫታት ዝርቛሕ፡ ብዕብለላ ሓደ ብሄር ዝግዛእ ስርዓት ዘኸፍት፡ ንረብሓ ኢትዮጵያ ከምዘይገልግል ዘርኢ እወታውን ሃናጽን ርእይቶን ምኽርን መንግስቲ ኤርትራ ግን ሰሚዕ ተባሂሉ።** መንግስቲ ኤርትራ፡ ሕቶ ብሄራት ኢትዮጵያን ኣጠቓቕማ ናይ ደሞክራሲ ሕቶን ክምልስ ዝኽእል ደሞክራሲያዊ ስርዓት ከይተተኽለ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰላም ክነብር ከምዘይክእል ብምግንዛቡ'ዩ ኑቲ ሕገመንግስቲ ነቒፍዎ።

ብኣንጻሩ'ዚ ንረብሓ ህዝብታት ኢትዮጵያን ዞባን ዘገልግል ኣመለኻኽታ ኤርትራ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ድሕሪ ውዕል ኣልጀርስ ምኽታሙ ን20 ዓመታት ብጎኒት እቶም ጎይቶት ንመሬታዊ ምልኣት፡ ልኡላውነት፡ ናጽነትን ሓድነትን ህዝብን ኤርትራ ዝጻረር ሰራም ፖሊሲ "ምቅያር መንግስቲ" ሒዙ እዩ ክሰርሕ ጸኒሑ። ምብትታን ሃገራዊ ሓድነት ኤርትራ፡ ምዕናው ወተሃደራዊ ዓቕሚ ኤርትራ፡ ምዕናው ቁጠባ ኤርትራ፡ ምንጻል ኤርትራ ካብ ዞባዊ ጉዳያት፡ ምትብባዕ ፍልሰት፡ ዘይሕጋዊ ስግረ-ዶብ መንእሰያት፡ ምስይጣን ምስሊ ኤርትራ ብዘይን ሰብኣዊ መሰላትን ካልኦትን ተጻብኦታት ድማ ንኣስታት ክልተ ዕቑድ ቀጺሉ።

ኣብ 2018 ኣብ ኢትዮጵያ ናይ ስርዓት ለውጢ ምስ መጸ፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ኣብይ ኣሕመድ ንውዕል ኣልጀርስ ብምቕባል ምስ ኤርትራ ዕርቂ-ሰላም ከምዝደሊ ኣፍሊጡ። መንግስቲ ኤርትራ ኑቲ ጸውዒት ሰላም ብዘይወዓል ሕደር ተቐቢሉዎ። ባህጊ ህዝብን መንግስትን ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘንጸባረቐ ደሙቕ ዓወት ድማ ነይሩ። ብ9 ሓምለ 2018 መንግስቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን ታሪኻዊ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ኣብ ኣስመራ ፈሪሞም። እዚ ሓደሽ ኩነት-ሰላምን ምትሕግጋዝን ካብ ረብሓታት ክልቲኦም ኣህዛብ ሓሊፉ መላእ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ጎደና ምዕባለን ብልጽግናን ዝወስድ ክኸውን ተስፋ ፈጢሩ። ሃገራት ሱዳን፡ ሶማልያ፡ ደቡብ ሱዳንን እውን ኑቲ ሃዋህው ንምድልዳል ተበጊሰን። እንተኾነ ብምስምስ ምሕላው ስትራተጂያዊ ረብሓታት ሃገራት ምዕራብ ብኸድምናን ጊላትን ኣብ ልዕሊ ኣህዛብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ጸቕጥታት ክፈጥራ፡ እዚ ዞባ ናብ ዘኸፍኦ ግጭትን ዕልቕልቕን ክምርሕኦ ዓቕመን ኣወሃሂደን ሰሪሐን። እቲ ጀሚሩ ዝነበረ ለውጢ ተዓንቂፉ።

ፈደራላዊ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ትግራይ ልዕልና ሕገመንግስቲ ንምኽባር ኣብ ዝወሰዶ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ተራ ሰራዊት ኤርትራ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ጉሉሕ'ዩ ነይሩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ልዕሊ ዝኾነ እዋን መንግስቲ ኤርትራ ደላይ ሰላምን ርግኣትን ሓድነትን ኢትዮጵያ ምኳኑ ዘረጋገጸሉ እዩ ነይሩ። እዚ መድረኽ'ዚ ዘይንቕነቕ መርገጺ ኤርትራ ኣብ ሓድነትን ምርግጋእን ኢትዮጵያ ጎሊሑ ክኸይድ ዝበረ እዩ። መራሕቲ ብልጽግና ኣብቲ ሰዓት'ቲ ምስ ኤርትራ ጸብቒ ዝምድና እንተዘይንፈጥር፡ መጻኢ ኢትዮጵያ ክጸንሖ ምብትታንን ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን፡ ኤርትራ ንምድሓን ኢትዮጵያ ዋጋ ዝኸፈለት ሃገር እያ፡ እዚ ውዕለት'ዚ ብቓላት ዝርሳዕ ኣይኮነን ክብሉ ተሰሚዖም። ኣብ ሚያዝያ 2023 ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ **"ብሕቶና ምስ ተወቓዕና ህዝብን ሰራዊትን ኤርትራ ዝገበሩልና ውዕለት ብዝኾነ መለክዒ ክኽፈል ዘይክኣልን ዘይርሳዕ ታሪኽን ስለዝኾነ ወትሩ ኣብ ልብና ኣሎ።"** ክብል ተሰሚዑ።

ሎሚ ስርዓት ብልጽግና ነዚ ረሲዑ ኣብ ዲቕ ዝበለ ሓዲድ ናይ ክሕደት ተጸሚዱ ይርከብ። ታሪኽ ግን ከም ድላይካ ትወጽኦ ኣይኮነን። ምናልባት ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ንእግረመገድና ክንጠቕሶ ዘድልየና፡ ስርዓት ብልጽግና ኣብ 2022 ሰራዊት ኤርትራ ልኡላውነት ኢትዮጵያ ኣብ ምድሓን ተጸሚዱ ከሎ፡ ኣብ ጅቡትን ሰሸልስን ምስ ወከልቲ ህወሓት ኣብ ዝገበሮ ዝርርብ፡ 'ናይ ክልቲና ጸገም ስድራቤታዊ'ዩ፡ ብረትኩምን ብረትናን ናብ ኤርትራ ነቕንዕ እሞ ንኤርትራ ንወቅዓያ' ምባሉ ምዝኩብ ሰደ'ዩ። ከምዚ ዓይነት ክፍኣት ዝኣልም ስርዓት ብልጽግና ሎሚ ተገምጢሉ ኤርትራ ንኢትዮጵያ ንምድኻም ዓጠቓ ትሰርሕ ኣላ ኢሉ ክውንጅል ምስማዕ መርመም እዩ። እንተኾነ እቲ ኣብ ክልላት ኣምሓራ፡ ትግራይ፡ ኦሮሞ፡ ሶማል፡ ደቡብ ህዝቦች ካልኦትን ተኸሲቱ ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ባዕሉ ስርዓት ብልጽግና ዝወለዶ እዩ።

ምስ ምኽታም ውዕል ፕሪቶርያ ብልጽግና ንኤርትራ ከም ሓንካሲት ትግባረ ስምምዕ ገይሩ ይውንጅላ እዩ። ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ውሽጣዊ ጉዳይ ኢትዮጵያ እዩ፡ ኤርትራ ንትግባረኡ ዝምልከት ዝኾነ ግዴታ የብላን። ኣብ ኣምሓራ ዘሎ ግጭት ቀሰቓሰኡ መንዩ፡ ስርዓት ብልጽግና ጉዳይ ወያኔ ከይዓረየ፡ ንሓይልታት ኣምሓራ ዕጥቂ ከውርዱ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። 'ድሕነትናን ድሕነት ህዝብናን ከይተዋሕሰ ብረትና ነረክብ ኣብኡ የለን' ብዝብል ድማ ምስ ሰራዊት ፈደራል ግጭት ተፈጢሩ። ባዕልኻ ዘወርዮ ህወሓትን ዕግርግርን ምጥፍኡ ምስ ኣገመቱ ንኤርትራ 'ተረኺቡ ይዓደዮ' ክትገብራ ምፍታን ብዘኾነ ስመንት ተቐባልነት የብሉን። ብሄራዊ ምትፍናን ኣብ ምንዋሕ ዕምሪ ስልጣን ስርዓት ብልጽግና ወሳኒ እዩ ካብ ዝብል ግጉይ ፖሊሲ፡ ካብ መዓልቲ ንመዓልቲ ሓደጋኡ ክዕብይን ሳዕቤኑ ክበኣስን ደሪኹ ኣሎ። እዚ ጸጥታዊ ዘይርጉእነት ምስ ህሉው ቁጠባዊ ነውጺ ኢትዮጵያ ተደማሚሩ ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሰላም ዕለታዊ ናብርኡ ዝመርሓሉ ሃዋሁ ስኢኑ ኣሎ። ብኣንጻሩ እቲ ኣብ ኢትዮጵያ ተፈጢሩ ዘሎ ኩነታት፡ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ምርግጋጽ ሰላምን ርግኣትን ንጡፍ ዝኾነ ኣበርክቶኡ ካብ ምግባር ካልእ ሕርያ የብሉን።

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 10፡15 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 11፡45 | ደርፊ |
| 12፡00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12፡02 | መደብ |
| 12፡30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12፡50 | ዜና ስፖርት |
| 12፡55 | መደብ ቡያ |
| 13፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13፡45 | ዕላል ጥበባት |
| 14፡20 | ሃብቲ ባሕሪ |
| 14፡50 | ማህደር |
| 15፡30 | ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ኣካዳሚያዊ መደብ |
| 17፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17፡15 | ደርፊ |
| 17፡30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17፡45 | መደብ ናትራን |
| 20፡00 | ዜና ትግረ |
| 20፡15 | ፊልም ገጽታ |
| 21፡00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21፡25 | ፈንቅል |
| 22፡00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22፡10 | ሕዋሪት |
| 22፡30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 23፡00 | እትመት |

# ቁጠባን ዋኒንን

ተስፋት ሓጐስ

## ምልላይ፡ ምውሳንን ምሕደራን መሻርኽቲ

መሻርኽቲ ትብል ቃል ከምኡ'ውን ተራ መሻርኽቲ ዝብል ኣገላልጻ ብዙሕ ግዜ ንሰምዖ'ዩ። ሃገራት ይኹና ትካላት ከኣ ምስ መሻርኽተን ከምዝዀ-ከምትን ክዙብራ፡ ብዘንብትን ክደጋፉ ተሰማሚዖን ወይ'ውን ውዕል ኣትየን ዝብል'ውን ብዙዘሒ ካብ ዝቃላሕ ዜና'ዩ። ስለዚ፡ ሃገራት ይኹና ትካላት ንመን እየን መሻርኽቲ ዝብልኦ፤ ሓንቲ ትካል፡ ክንደይ ዝበጽሓ መሻርኽቲ ክህልዋኣ ይኽእሉ፤ ትካላት፡ መሻርኽተይ ንዝብልኦን ኣካላት፡ ብሓደ ዓይኒ ወይ ብማዕረ ክርእየአን ኣለወን፤ እዚኦን ክለዓላ ካብ ዘለወን ገለ ኣገደስቲ ሕቶታት እየን። ብኸመይ ይምለሳ ምፍላጥ ከምኡ'ውን ክትምልሰን ምኽኣል ድማ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። ብኣጠቓላሊ፡ ኣብ መሻርኽቲ ዘተኮረ ትንታኔ ምኪያድ ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ዋኒናዊ ዕማማ ክተሐይል ትደሊ ትካል ወይ'ውን ሓድሽ ናይ ልምዓት ፕሮጀክት ክተተግብር ትደሊ ዓዲ፡ ኣብ መሻርኽታ ዘተኮረ ትንታኔ ምስ ተካይድ ኑቲ ትሓስቦ ዘላ ውጥን ኣብ ምስላጥ ዝሕግዙዋ ወይ'ውን ክዕንቅጻ ዝኽእል ኩነትን ኣካልን ከተለሊ፡ ኣብቲ ኩነታት ብኸመይ ክትዋሳእ ኣለዋ ዘመልክት ሓጋዚ ትልሚ ክተውጽእ ትኽእል።

### መሻርኽቲ ማለት እንታይ እዩ፤

ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ሻራ ትብል ቃል፡ ወገኑ ጸግዒ ወይ ኂ ዝብል ሓፈሻዊ ትርጉም ኣለዋ። መሻርኽቲ ትብል ድማ ናተይ ወገኑ ጸግዒ ወይ ኂ ከም ማለት ትወሰድ። ንኣብነት፡ ሓንቲ ትካል ገለ መደብ ክተተግብር ኣብ ትሓስበሉ፡ ኣብ ምድላው ይኹን ምትግባር ናይቲ መደብ ኂ ዝኾናእ ካልኦት ትካላት ኣይሰኣናን እየን። መሻርኽቲ ትብል ቃል ከኣ ምስዚ ትርጉም ተዛማዲት ዘለዋ'ያ። ኣብ ዓውዲ ምሕደራ ዝወሃባ ትርጉምን መግለጽን ግና ምሉእ ብምሉእ ምስዚ ዝሳነ ደዩ ወይስ ዝፈልዮ ኣሎ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ።

ኣብ ዓውዲ ምሕደራ፡ መሻርኽቲ ማለት ሓንቲ ትካል ኣብ ተካይዶ ዕማም ወይ'ውን ኣብ ትወስዶ ውሳነ ተገዳስነት (ስቴክ) ዘለዎ፡ ብቲ ዕማም ይኹን ውሳነ ዝጸሉ ወይ'ውን ንዕኡ ዝጸሉ ኣካል (ሰብ፡ ጉጅለ፡ ትካል ወዘተ.) እዩ። ሰራሕተኛታት፡ ዓማዊል፡ ኣቕረብትን ኣውፈርትን ድማ ክጥቀሱ ካብ ዝኽእሉ ኣብ ዋኒን ናይ ዝተጣፉ ትካላት መሻርኽቲ እዮም። ተገዳስነት ክበሃል እንከሎ ድማ ምስ ፋይናንሳዊ ኩነታት፡ ምስጉንን ውሑስን ናይ ሸቅለት ዕድል፡ ኣብ ብቑዕነትን ውሕስነትን ፍርያት ከምኡ'ውን ኣብ ዝቐርበሉ ኣገባብ ዘተኩር ወዘተ. ክኸውን ይኽእል። ተገዳስነት ሰራሕተኛታትን ኣካየድትን ንኣብነት ኣብ ዝሓሸ ደሞዝን ሞያዊ ዕብየትን ክኸውን ይኽእል። ተገዳስነት ዓማዊል/ተገልገልቲ ኣብ ብቕዓትን ኣማራጺታትን ፍርያት ከምኡ'ውን ኣብ ርትዓውነት ናይ ዋጋታት ክኸውን ይኽእል። ተገዳስነት ኣውፈርቲ ዋኒናዊ ዕወትን ኣኽሲበን ኣብ ምምላሱ ክኸውን ይኽእል። ተገዳስነት መንግስትን ኣካላቱን ድማ ኑቲ ዕማም ብመንጽር ውሕስነትን ድሕነትን ምርኣዩ ክኸውን ይኽእል።

ገሊኡ ካብዚ ዝተገልጸ ተገዳስነት ንሓድሕዱ ዝመሳሰል ክኸውን ገሊኡ ከኣ ዝጻረር'ዩ። ገለ ካብዚም መሻርኽቲ እታ ትካል ብትወስዶ ውሳነ ዝጽለዉ እዮም፣ ንኣብነት ሰራሕተኛታት። ገሊኦም ከኣ ቡቲ ዝወሰድዎ ውሳነ ንኹነታት ናይታ ትካል ዝጸልዉ እዮም፣ ንኣብነት ዓማዊል/ተገልገልቲ። እዚ ከኣ ትካላት ንመሻርኽተንን ተገዳስነቶምን ብዓበእ ምፍላጥን ዘይምፍላጥን ኣብ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ሸቶአን ዓቢ እጃም ከምዝለዎ ዘመልክት'ዩ።

**መሻርኽቲ ናይ ሓንቲ ትካል፡** ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ተባሂሎም ኣብ ክልተ ይምደቡ። ውሽጣውያን መሻርኽቲ ኣብታ ትካል ዝሰርሑ፡ ውሳነታት ዝወስዱ ወይ ውሳነታት ዘተግብሩ ኣካላት ክኾኑ ይኽእሉ። ሰራሕተኛታት፡ ኣካየድቲ ስራሕ ከምኡ'ውን ኣሃዱታት ስራሕ ናይታ ትካል ድማ ከም ውሽጣውያን መሻርኽቲ ይረኣዩ። ግዳማውያን ዝበሃሉ መሻርኽቲ፡ ኣብታ ትካል ዘይሰርሑ ማለት ከም ዓማዊል፡ ኣቕረብቲ፡ ብቕዓት ፍርያት ዝቆጻጸሩ፡ ሕግን ስርዓትን ዘኸብሩ፡ ኮምን ተዛመድቲ ኣካላትን እዮም። ትካላት ድማ ነዚን ዝተጠቕሳ ምድብ ኣብ ግምት ዘእተወ ዝርዝር ናይ መሻርኽተን ክህልወን ይግባእ። እንተኾነ ኩሉ ኣብቲ መዝገብ ዝሰፈረ መሻርኽቲ ብማዕረ ክርአን ክተሓዝን ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።

### ትንታኔ መሻርኽቲ ኣካላት

ዝኾነት ትካል፡ ኣብ መዝገብ መሻርኽታ ክሰፍሩ ዝኽእሉ ሓያለይ ኣካላት ክህልዉዋ ትጸቢት ዝግበረሉ ሓቂ'ዩ። እንተኾነ ኣብ ተካይዶ ነፍሲ ወከፍ ዕማም ይኹን ትትልሞ ለውጢ ንኹሎም፡ ኣብ መዝገብ መሻርኽታ ዝሰፈሩ ኣካላት ብሓደ ዓይኒ ምርኣይ ይኹን ኣብ ትምስርቶ ዝምድና ምስ ኩሎም ተመሳሳሊ ጸዓትን ጊጋን ክተውጽእ ኣለዋ ማለት ኣይኮነን። ዝኢ ብድህ ንምፍታሕ ከኣ ኣብ መሻርኽቲ ዘተኮረ ትንታኔ ምኪያድ የድልያ። እዚ ትንታኔ፡ ዕማማታ ኣብ ምስልሳል ዝሕግዝ ኣድማዒ ዝምድናን ሚላ ምሕደራን ክትሃንጽ ዘኽእል'ዩ። ዝኢ ትንታኔ ተካይድ ትካል፡ ናይ መሻርኽታ ኣገዳስነት፡ ጽልዋን ዝንባለን ክትድህስስን ክትፈልጥን ዘኽእላ ርሒብ ዕድል ኣለዋ። ዝኢ ዕማም ብግቡእ ብምስልሳል ድማ ኣብ ከባቢኣ ዝርከቡ ክትጥቀመሉ ትኽእል ክህሎት ወይ ጸጋ ከምኡ'ውን ክተወግዶ ወይ ክትንክዮ ትኽእል ሳዕቤን ክትፈልጥ ትኽእል። ንኣብነት፡ ሓንቲ ትካል፡ ኣብ ሰዓታት ስራሕ፡ ኣብ ዓይነት ይኹን ዝርጋሐ ፍርያታ ወይ'ውን ፍርያታ ኣብ ተዓልወሉ መስርሕ ለውጢ ክትገብር ምስ ትውጥን፡ እቲ ውጥን ኣብ ሰራሕተኛታት፡ ዓማዊል፡ ኣቕረብቲ፡ ተቖጻጸርቲ ኣካላት፡ ማሕበራትን ኮምን ዝህልዎ ዝተፈላለየ ደረጃ ጽልዋ ክትፈልጥን ቀጻሊ ርክብ ክህልዋን የድልያ። ምኽንያቱ ተገዳስነት ናይዚ ኣካል ምስ ዝነድል ወይ ዝጠፍእ ንረብሓኣ ዝሃሰ፡ ንኣብነት ውሳነ ክወስዱ ስለዝኽእሉ፣ ካብኡ ናብኡ ድማ ኑቲ ልዑል ስልጣን ዘለዎ ኣካል ኣቓልቦኡን ተገዳስነቱን ከይንከ. ብቐረባ ምክትታል የድሊ። ልዑል ተገዳስነት፡ ትሑት ስልጣን ንዘለዎም መሻርኽታ ድማ ብዘዕባ ዋኒን ቀጻሊ ሓበሬታ ክትህቦም ይግባእ።



ከምኡ'ውን ኑቲ ጽልዋ ኣብ ምምሕዳር ዘኽእላ ኣድማዒ ሜላን ዝምድናን ከተማዕብል ኣይትጸገምን። እዚ ከኣ ምስቲ ለውጢ ንዘመጽእ ዘይዛመድ ወጻኢታት ኣብ ምቑጣብ ይኹን ተቓውሞ ኣብ ምልዛብ፡ ብኣጠቓላሊ ከኣ ኑቲ ለውጢ ኣብ ምስላጥን ምዕዋትን ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ።

ኣብ መሻርኽቲ ዘተኮረ ትንታኔ ዝቐደለን ዝተፈላለየ ኣገባብት ምህላወን ይፍለጥ። ብኹሉ መንጽር ድማ እተን ኣብ ግምት ክኣትዋ ዘለወን ረቛሕቲ ይፈላለያ። እታ ኣዝያ ዝውትርቲ ዝኾነት ናይ ትንታኔ ኣገባብ ድማ ክልተ ረቛሕቲ ኣብ ግምት ብምእታው ትሰላሰል'ያ። ስልጣን (ፖወር) እታ ቀዳመይቲ መርኣዪት ረቛሒ. ክትከውን እንከላ እታ ካልኣይቲ ከኣ ተገዳስነት (ኢንተረስት) እያ። ነፍሲ ወከፈን ድማ ልዑልን ትሑትን ብዝብል መማዚ ይምልከታ። በዚ ኣገባብ፡ ዝቔማ ናይ መሻርኽቲ ምድብ ከኣ ኣርባዕተ እየን፣ ልዑል ስልጣንን ተገዳስነትን ዘለወን፡ ትሑት ስልጣንን ተገዳስነትን ዘለወን፡ ልዑል ስልጣን ግን ትሑት ተገዳስነት ዘለወን ከምኡ'ውን ትሑት ስልጣን ግን ልዑል ተገዳስነት ዘለወን።

**ዝኾነት ትካል፡ ኣብ ተካይዶ ዕማም፡** ክትልውጦ ትሓስብ ይኹን ክተተግብሮ ትደሊ ፕሮጀክት ልዑል ተገዳስነት ዘለዎ ኣካል ብቐረባ ክትከታተሎ፡ ድሌታቱ ብዘመሳሰለ፡ እታ ትካል ኣብ ትትልሞን ክትትግብሮ ትደልን መደብ ትሑት ተገዳስነት ዘለዎም መሻርኽቲ ክህልዉ. ባህርያዊ'ዩ። እዚኦም'ውን እንተኾነ ጠቕለልካ ከምዝየገድስዑን ኣቓልቦ ከምዘየድልዮምን ክረኣዩ ኣይግባእን። ክፋል ናይዚኦም ልዑል ስልጣን ዘለዎ ንኣብነት ብቕዓትን ስርዓትን ዝቈጻጸሩ ክኾኑ ስለዝኽእሉ፡ ተገዳስነቶም ዕሸሽ ክበሃል ኣይግባእን። እታ ትካል፡ ቡቲ መደብን ባህሪኣን ክተፀገዎም ኣለዋ። እቶም ትሑት ስልጣን ዘለዎም'ውን እንተኾነ ካብ ኣእምሮ ወይ ራዳር ናይታ ትካል ክወጹ ኣይግባእን። ደሃዮምን ኩነታቶምን ንምፍላጥ ዘኽእል ክትትል ክግበረሎም የድሊ። ምኽንያቱ፡ ምስ ግዜ ኣብ ተገዳስነቶም ይኹን ስልጣኖም ለውጢ ክመጽእ ማለት ክዓቢ ስለዝኽእል። ቡቲ ካልእ መንጽር'ውን ገለ ካብቶም ልዑል ስልጣንን ተገዳስነትን ዝብርዎም ኣካላት ኣብ ሓዲኡ ወይ'ውን ኣብ ክልቲኡ ዝብርዎም ተገዳስነት ክትሕት ይኽእል'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ መሻርኽቲ ዘተኮረ ትንታኔ ሓንሳእ ተኻይዱ ዝድምደም ዘይኮነስ ቀጻሊ. ክትትልን ክለሳን ከምዝድልዮ ዘመልክት'ዩ።

### መስርሕ ምኪያድ ትንታኔ

ኣብ መሻርኽቲ ዘተኮረ ትንታኔ ምኪያድ፡ መሻርኽቲ ዝበሃሉ መን ምዃኖም፡ ዘለዎም ተገዳስነትን ስልጣንን ምፍላጥ ከምኡ'ውን ከመይ ዝበለ ናይ ርክብ ሰንሰለት ምህናጽ ከምዝድሊ. ድሮ ተመልኪቱ ኣሎ። እቲ መስርሕ፡ ደረጃ ብደረጃ ከመይ ይካየድ ምፍላጥ ኣገዳስነቱ ልዑል'ዩ። ዝኢ መስርሕ ብግቡእ ተካይድ ትካል ብዛዕባ መሻርኽታን ንዋኒና ዝጸልዉ. ረቛሕትን ዕሙቕ ዝበለ መረዳእታ ክተጥሪ ትኽእል። እቲ መስርሕ ከመይ ይካየድ ድማ ሰዒቡ ክጥቀስ'ዩ። ዝውትርቲ ኣገባብ ኣፈጻጽማ ናይዚ መስርሕ ከኣ ጉጅለ ወይ ጋንታ ብምሕራይ ሓሳብ ንሓሳብ እናኣጋጨኻ (ብረይንስቶርም) ተካይድ።

ምልላይ መሻርኽቲ፥ እዚኣ እታ ፈላሚት መስርሕ'ያ። መሻርኽቲ ዝበሃል መን'ዩ ከምኡ'ውን ብምንታይ ይውሰን ኣቐዲሙ ተገሊጹ ኣሎ። ዝኢ መሰረት ብምግባር ከኣ ንኹሉ መሻርኽቲ ዝሓዘ ዝርዝር ምድላው መሰረታዊ'ዩ። ግደ መሻርኽቲ ኣብ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ትካላዊ ዕማም ኣገዳሲ. ከም ምዃኑ መጠን ድማ ዝተረስዐ ወይ ዝተገሸየ መሻርኽቲ ከይህሉ ምርግጋጽ። ዝኾነ ስራሕ ተጀሚሩ ፍርቂ ምስ በጽሐ ኑቲ ገስጋስ ዝውስን ኣገዳሲ. ዝበሃል መሻርኽቲ ተረሲዑ ወይ ተገሲዩ ምስ ዝጸንሕ ኣብቲ ስራሕ ዝፈጥሮ ጽልዋ ንምምማቱ ዘጸግም ኣይመስለን።

ምትንታን ተገዳስነትን ስልጣንን መሻርኽቲ፥ ከም መሻርኽቲ ዝተለለዩ ኣካላት ዘለዎም ተገዳስነትን ስልጣንን ምትንታን ኣገዳሲ'ዩ። ትጽቢት፡ ዕላማን ስክፍታን ናይዞም ኣካላት ምፍላጥን ምትንታንን ድማ ኣብዛ መስርሕ ናይ ዝካየድ ንጥፈት ኣካል'ዩ።

ምደባ መሻርኽቲ፥ ስልጣንን ተገዳስነትን መሻርኽቲ ምስ ተፈልጠ፡ ንዕኡ መሰረት ብምግባር ዝካየድ ምደባ'ዩ ዝስዕብ። ነፍሲ ወከፍ መሻርኽቲ ድማ ኣብ ሓንቲ ካብተን ዝተጠቕሳ ምድብት ይሰፍር። መጠን ኣበይ ተመዲቦም ዝጠቕስ ዝርዝር ከኣ ይዳለ።

ምድላው ናይ ሽርክነት ውጥን፥ እዚ ንነፍሲ ወከፍ መሻርኽቲ ዝምጥን ናይ ርክብን ጸምዶን ውጥን ምድላው ማለት'ዩ። ኣብዚ፡ ኣገባብ ናይ ርክብ፡ ዕማምን ሓላፍነትን ናይ ነፍሲ ወከፍ ኣካል ከምኡ'ውን ሜላታት ምምላእ ብግሉጽን ዝርዝርን መገዲ. ይቐርብ።

ክትትልን ክለሳን፥ ተገዳስነት፡ ቀዳምነት፡ ጽልዋን ስግኣትን መሻርኽቲ ቀጻሊ. ዝቀያየርን ክምዕብልን ስለዝኽእል ኣብ መሻርኽቲ ዘተኩር ክትትል፡ ብኡኡ መሰረት ከኣ ክለሳ ናይ ኣመዳድባን ክግበር ኣድላዪ እዩ።

ብሓፈሻ፡ መንግስታውያን ይኹና ብሕታውን ትካላት፡ ንዕዳጋ ዝኸውን ፍርያት ዘቕርባ ይኹና ማሕበራዊ ኣገልግሎት ዝህባ፡ ፋብሪካታት ይኹና ኣገልግሎት ዘቕርባ፡ ዓበይቲ ይኹና ንኣሽቱ፡ ውልቀሰብ ይኹን ማሕበር፡ መሻርኽቱ ብምልላይን ዝምድናኡ ዝምርሓሉ ስትራተጂ ብምምዕባልን ረብሓታቱ ከዕብን ስግኣታቱ ከወግድን ይኽእል። እዚ ከኣ ተጻብኦ ብምንካይ፡ ደገፍ ብምርካብ፡ ኣብ ጋንታታት ወሀደት ብምፍጣርን እቲ መደብ ቡቲ ዝድለዩ ከምዝሰልድን ከምዝዝዘምን ብምግባር ዝርከብ'ዩ።

ካልእ ምስዚ ኣርእስቲ ብምዝማድ ክትጥቀስ ዘለዋ ኣገዳሲት ነጥቢ. ድማ ኣብ መንጎ መሻርኽቲ (ስቴክሆልደር) ከምኡ'ውን ሰብ-ሸርካ (ሼርሆልደርስ) ዘሎ ፍልልይ እያ። ሰብ-ሸርካ ኣብ ሓደ ዋኒን ብርኪ. ወይ ብጽሒት ዘለዎም ማለት ገለ ክፋል ናይቲ ዋኒን ዝውንኑ እዮም። መሻርኽቲ ግና ከምዚ ኣቐዲሙ ዝተጠቕሰ ኣብቲ ዋኒን ተገዳስነት ዘለዎም፡ ዋንነት ወይ ብጽሒት ዘይብሎም እዮም።



# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኪዳማርያም ዘርሁን ወልደጊብርኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ልኡል ተስፋይ ገብረስላሴ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እየሩ ወልደሚካኤል ተወልደብርሃን ምጓል ተሪፉ፡ የሩሳሌም ተወልደብርሃን ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቅዱሳን ተስፋጋብር እምባየ ምጓል ተሪፉ፡ ወይኒ ተስፋጋብር እምባየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዛይድ ቀለታ ሰረቓ፡ ኣደይ ግደይ ተስፋዝጊ ሞጎስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ትዕግስቲ ፍስሃየ ተኽለይ፡ ኣደይ ኣበባ ኣካል ባህታን ኣቦይ ፍስሃየ ተኽለይ ተስፋጋብርን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ኢብራሂም መሓመድ እድሪስ ኣደም ምጓል ተሪፉ፡ ኢብራሂም መሓመድ እድሪስ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

ዓሊ ሳልሕ ስሌማን፡ ስም ኣደይ ዛህራ ሓምድ እድሪስ ምጓል ተሪፉ፡ ከድጃ ሓምድ እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ጀማል መሓመድዓሊ ኣሕመድ ምጓል ተሪፉ፡ ጀማል መሓመድ ዓሊ ኣሕመድ ፋሉል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ ጨረታ

ጽገና፡- ዝተፈላለየ ሓይሊ ፈረስ ዘለዎ ዲናሞታትን፡ ዝተፈላለየ ዓቐን UPS ባትሪ ፕሪንተራትን፡ ፎቶ ኮፕየራትን ዝተፈላለየ ዓቐን ፍርጃትን ኣየር ኮንድሽነር።
ዘጻግን ትካል ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ኣርእስቲ ውዕል፡- ዓመታዊ ጽገና
ኣገባብ ጽገና፡- ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ፡ ንዓመተ 2027 ካብ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንቤት ጽሕፈት ንኳፈተርያ ተመሃሮ ንዎርክ ሾፓት ዘገልግል ዲናሞታት UPS ባትሪ ፕሪንተራት፡ ኮፕየራት፡ ፍርጃትን ኣየር ኮንድሽነርን ዝጽግኑ ኣውዳዲሩ ከሜርት ስለ ዝደለየ፡ ሕጋውያን ጸገንቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ትካላት ዋጋታት ጽገና ዲናሞታት UPS ባትሪ፡ ፕሪንተራት፡ ፎቶ ኮፕየራት፡ ፍርጃትን ኣየር ኮንድሽነርን ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ትካላት ክፉት እዩ።
3. ተሜረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመተ 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን፡ ናይ ዓመተ 2025 ክሊራንስን መንነት ወረቐትን የቕርቡ።
4. ጨረታ፡ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰሉስ ዕለት 25/11/2026 ሰዓት 10፡00 ቅ.ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንጕዩ ዝቐረበ ተሜራቲ ይንጸግ። ተሜረትቲ፡ ሕጋውያን ወከልቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ስነ-ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሰሉስ ዕለት 25/11/26 ሰዓት 10.00 ቅ.ቀትሪ ብግሉጽ ይኽፈት።
5. ብቑዓት ተሜረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 ናቕፋ ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ተሜረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔተን) ነበር ቁጽሪ ተሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
7. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ

---

ብስም ወይኒ ተወልደ በራኺ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00044655 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 119-5 ቁ.ገዛ -- ዝርከብ ናይ ዱኳን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሕርይቲ ተስፋይ ቀለመወርቂ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ በረኽ ቁሸት ቁ.ገዛ -- ካብ ዕለት 01/08/2026 ክሳብ ዕለት 31/08/2031 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘሎዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ወይኒ ተወልደ በራኺ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ፡ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DAL -0987 ቁጽሪ መዝገብ DAR-0851 ዝርከብ ናይ G22-49 ትካለይ፡ ንወ/ሮ ፍረሂወት ተስፋይ ጋይም፡ ኣድራሻ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ ዓዲ/ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብዕለት 19/05/2026 መዝ 47/2026 ብውህብቶ ዝለገስኩዎ/ዋ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ብርሃነ ጠዓመ

---

ብስም ኣቶ/ወ/ሮ ኣስቴር ተወልደ ገ/ገርግስ፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን 10839 ቁጽሪ መዝገብ 9417 ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ/ከተማ መንደፈራ ዝርከብ ዝርዝር ሃለኽቲ (GB1) ትካለይ፡ ንወ/ሮ ፍዮሪ ሰርጸይ ኣፈወርቂ፡ ዓዲ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ መንደፈራ ዓዲ ከተማ መንደፈራ ተሌፎን 07255806 ካብ ዕለት 1/05/2026 ክሳብ 31/04/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ኣስቴር ተወልደ ገ/ገርግስ

---

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ፡ ዓዲ/ከተማ ሽኩቲ ብቑጽሪ ፍቓድ ንግዲ DML00009617 ቁጽሪ መዝገብ 01/26 ዝርከብ ዝርዝር ሃለኽቲ ትካለይ፡ ንኣቶ ኣማንኤል በረኸት፡ ኣድራሻ ድባርዋ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ድባርዋ ዓዲ/ከተማ መረብ ብዕለት 14/10/2026 መዝ 01/26 ብውህብቶ ዝለገስኩዎ፡ ብስም ወሃቢ ዝኽፈሎ ዕዳ ኣለኒ ወይ ይግባኣኒ እዩ ዝብል እንተድኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ'ዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወሃቢቶ ተቐባሊ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ሂማን ገብረእግዚኣብሄር

---

ብስም ወራሲ ናይ ወ/ሮ መቕደስ ዑቕባትንሳኤ፡ ወደን ኣቶ ተወልደ ዑቕባጊብርኤል እዝራ፡ ኣብ ቤ/ጽ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 114198 መወከሲ ቁጽሪ 135227/135226 ዝተመዝገበ ናይ ገዛ ኦርጂናል ሊብሬቶ ደሊና ስለ ዘይረኸብናዮ፡ ነዚ ሊብሬቶ ብዕዳ ሒዙዎ ዝብል ኣካል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ብቑጽሪ ተሌፎን 07125194 ወይ 164374 ደዊሉ ክሕብረና፣ እንተዘይኮይኑ ግን ናብ ዝምልከቶ ቤ/ጽ ካዳስተር ኣቕሪብ መተካእታኡ ኦርጂናል ሊብሬቶ ንኽወሃበና ክሳትት ምኳነይ እሕብር።

ኣቶ ተወልደ ዑቕባጊብርኤል እዝራ
ወኪል ኣቶ ፍጹምብርሃን ተወልደ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ብዘን መንግስትኣብ ጥንተደርጋ ምባል ተረፉ፤ ለና መንግስትኣብ ጥንተደርጋ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ጸገ መኮንን ጉብረክርስቶስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ምስጉን ከበደ በየነ፡ ናይ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሳምራዊት ሰለሞን መዝገቡ፡ ተጸዋዒ የናስ የውሃንስ የማን ናይ ሞግዚትነት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ሳዕድያ ኣደም ዐሰማን ምባል ተረፉ፤ ሳዕድያ መሓመድ ኣደም ዐሰማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቃ እምባደርሆ

ንኣምን ሃብተሚካኤል ኩንዳይ ምባል ተረፉ፤ ንኣምን ሃብተሚካኤል ኪዳናይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጇራወርቂ ብርሃና ኣልኣዛር ምባል ተረፉ፤ ጇራወርቅ ብርሃ ኣልኣዛር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሰራክ ሓሰን ሳልሕ ምባል ተረፉ፤ ሰራጅ ሓሰን ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ኀይትኣም ገብረእግዚኣብሄር ዝርእዝጊ ምባል ተረፉ፤ ኀይትኣም ገብረእግዚኣብሄር በራኺ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ህድኣት ኣድሓኖም ገብረገርግስ፡ ብዓል ቤተይ ሃይለ ገብረእግዚብሄር ኣብርሃ ስለዝዋረረ፤ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፤ 3 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸለ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ረኪ ቀለታ፡ ኣደይ ለተሓንስ ሓጎስ ነጋሲ ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣፍዓበት

መርያም መሓመድ ዐመር፡ ስም ኣደይ ዓሻ ዒሊ ጉበረስ ምባል ተረፉ፤ ሓሊማ እድሪስሼክ ዒሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምልክታ ጨረታ

ሚኒስትሪ ጥዕና ብስራሕ ምኽንያት ብመንገዱ ናብ ወጻኢ ሃገር ዝኾኑ ኣባላቱ፤ ተሓጋገዝቲ ሚ/ጥዕና ወጻኢተኛታትን ናይ ኣየር ትኬት ኮነ ምስኡ ዝተኣሳሰር ስራሕ ንምስላጥ፡ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/01/2027 ክሳብ 31/12/2027 ኣገልግሎት ዘውዕል ናይ ኣየር ወኪል ጉዕዞ ሕጋውያን ይዕድም።

ተጫረቲ ክማልእዎም ዘለዎም ነጥብታት፦

1. ሚ/ጥዕና፡ ንሕጋውያን ምስላጥ ወኪል ጉዕዞ ዋጋታት ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2025 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2025 ክለራንስን ናይ ኣታዊ ወኽጢ ሃገር መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤ/ጽ ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና ቁ.ቴሌ 125312 ናይ ጨረታ ሰነዳትን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 100 (ሚኢቲ ናቕፋ) ክፈሎም ክወስዱ ይግባእ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ዕለት 27/11/2026 ሰዓት 9:45 ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፡ ተጫረቲ ሕጋውያን ወኪላቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ኣብ ዘለውሉ ጨረታ ንኽፍትሑ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣዳራሽ ማእከላይ ቤ/ጽ ሚ/ጥዕና ቁጽሪ 36 ይኣቱ። ዕለት 27/11/2026 ሰዓት 10:00 ቅ.ቀ ጨረታ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ናይ ምስላጥ 10,000.00 ናቕፋ ብሰርኦ (C.P.O) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሚ/ጥዕና ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከላይ ቤ/ጽሕፈት ሚ/ጥዕና<br>
ጨ/ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ሚ/ጥዕና<br>
ምምሕዳራ ጸጸራት ጎደና ደንደን ቁ.ሳ.ፖ 212 ኤርትራ ኣስመራ<br>
ቁጽሪ ቴሌፎን 125312

### ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ (ደርሆን እንቋቑሖን፤ መጋር፤ ጸባን ወጽኢቱን)<br>
ዓይነቱ፡ ሓይሊ ኣየር<br>
ኣርእስቲ ዕድጊ ፦ ውዕል ዓመታዊ ቀረብ መግቢ<br>
ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2027 ካብ ወርሒ 01/2027 ክሳብ ወርሒ 12/2027 ንኣባላትን ንተማሃሮን ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፤ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ደርሆን እንቋቑሖን፤ መጋር፤ ጸባን ወጽኢቱን) ናይ ዘኽፍልዎ መጠን ገንዘብ ብዕሹግ ደብዳቤ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓ/ኣየር 155506 ወይ 155500
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ንምውሳድ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ።
6. እዚ ጨረታ'ዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ንዓሰርተ (10) መዓልታት ክፉት ኮይኑ ይጸንሕ። ናይ ጨረታ ሰታሪት ሰዓት 9:30 ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ወይ ሕጋውያን ወኪሎቶም ክሳተፍ ዝደሊ ሰብን ሰራሕተኛታት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹ ሰባትን ኣብ ዝተረኽብሉ፤ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ኣስመራ፤ ካብቲ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ድሕሪ ዓሰርተ መዓልታት ልክዕ ሰዓት 10:00 ቅ.ቀትሪ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ C.P.O 50,000 (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ) ክሳዕ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓ/ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ<br>
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ<br>
ቴሌፎን 155506/155504



### ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገርዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ ፡፡

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8:00-12;00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2:00 – 6:00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ ፡፡

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537: E-Mail: bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ ብግልጺ ንዘራረብ !!!

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣመልካቲ ኢሰያስ ዑቕባይ፥ ተጸዋዒ ፍረዝጊ ጎይትኦም ተኸለ፥ ናይ ሰቨል ጉዳይ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን13/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ ደረጃ ቁ.47 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ዳሉል ይትባረኽ ሃብተማርያም፥ ኣቦይ ይትባረኽ ሃብተማርያም ሃይለ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሚካኤል ገብረእግዚኣብሄር ገብረያሱስ፥ ሓወይ ተስፋማርያም ገብረእግዚኣብሄር ገብረያሱስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እምንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10 መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ፡፡

ትዕግስቲ ጠዓመ ተድላ፥ ኣደይ ሳባ ዘርኣይ ሰቓር ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሃብቶም ኣስመላሽ ኪዳኑ፥ ኣደይ ሙብራት በርህ ሰባህቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሳራ ኪዳነ መሓሪ፥ ኣቦይ ኪዳነ መሓሪ ካሕሳይ ስለዝተሰወአ፥ ኣደይ ሃና ወልደስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ሄርሞን ኣስቴር ወልደስላሴ ምባል ተሪፉ፥ ሄርሞን ተኸለማርያም ገብረትንሳኤ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሳሙኤል ኢሳቕ ቀለታ፥ ኣቦሓጎይ ቀለታ ኣዲግ ብኢዱ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ንወላዲያይ ነፍ/ሄር ኢሳቕ ቀለታ ተኪእና ምስ 17 ተተካእቲ ደቂ ሓወቦታተይን 6 ተተካእቲ ደቂ ኣሞታተትን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኤልሳ ሃይላይ ገብረሚካኤል ምባል ተሪፉ፥ ኤልሳ ሓይላት ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ሰናይት ፍስሃየ ወልደየውሃንስ፥ ኣዴና ኣስመረት ኣሕፈሮም መሓሪ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 11 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ቁ.38 ይቕረብ፡፡

ከሳሲ. የማን ተስፋይ ሃይለስላሴ፥ተኸሳሲ. በኺት ኣስራት ሃብተጽዮን፥ ንጉዳይ ስም ምትሕልላፍ ዝምልከት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብርሃም ኣሰፋው ተኸለ፥ ኣቦይ ኣሰፋው ተኸለ ዓንደን ኣደይ ሰላስ ጺጋይ በይንን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 10ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ መሰፍን የውሃንስ ተስፋጽዮን፥ ኣቦና የውሃንስ ተስፋጽዮን ዑቕባክርስቶስ ስለዝዓረፈ፥ ኣነ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኤለም የማነ ዘርእዝጊ ምባል ተሪፉ፥ ሳምራዊ የማነ ዘርእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ሙሴ ኣብርሃ ደሞዝ፥ ኣዴና ኣብረሀት መሰፍን ባህታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ፡፡

ስምረት ጎይቶኦም ገብረእግዚኣብሄር፥ ተጸዋዒ ልኡል ሃይለሚካኤል ደስታ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ. ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለ ዘይተፈልጠ፥ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕካ ን24/11/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፥ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሉላ ተኸለ ካሕሳይ ምባል ተሪፉ፥ ሉልያ ተኸለ ካሕሳይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ቢንያም ዳዊት ሓጎስ፥ ኣቦና ዳዊት ሓጎስ ጎሉምን ኣዴና ርብቃ ቀሺ. ዘርኣ ወልዱን ስለዝዓረፉ፥ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ኣሰምጋይት ዓንደሚካኤል፥ ብዓል ቤተይ በየነ ገለ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጎይትኦም ገብረእግዚኣብሄር ዘውዴ፥ ብዓልቲ ቤተይ ጺጋ ምሕጹን ተድላ ስለዝተሰወአት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቃ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ጴጥሮስ ኣማኑኤል ማና፥ ኣዴና ኑብያት ተስፋጋብር ተላ ስለዝዓረፈት፡ ንኣቦይ ኣማኑኤል ማና በኺት ናይ መጻምዲ ማሰሉ ይተሓለወሉ፥ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ድማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሸዊት ወልደትንሳኤ፥ ብዓል ቤተይ ኪዳነ ፍስሃየ ወልደማርያም ስለዝተሰወአ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 4 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ሳይሞን ኣማኑኤል መንግስቱ፥ ኣደይ ርብቃ ኣማኑኤል መንግስቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሳይሞን ኣማኑኤል መንግስቱ ምባል ተሪፉ፥ ሳይሞን ኣማኑኤል ሃይለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣተወብርሃን ገብረህይወት የማኑብርሃን ምባል ተሪፉ፥ መዋእል ገብረህይወት የማኑብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ሰዋስው ገብረህይወት የማነ ምባል ተሪፉ፥ ሰዋስው ገብረህይወት የማኑብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ/ት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ኣስካሉ ሃብትዝጊ ሃይሉ፥ ብዓልቤተይ መሓሪ ሃብተ ገብረያሱስ ስለዝዓረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፥ 2 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ማቴዎስ ኣማኑኤል መሓሪ ምባል ተሪፉ፥ ማትያስ ኣማኑኤል መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዮራም ኣማኑኤል መሓሪ ምባል ተሪፉ፥ ኤራም ኣማኑኤል መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/11/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### ንካልኣይ ግዜ ዝወጸ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ፦ (ሰጋ ጤል)
ዓዳጊ፦ ሚ/ትክ/ተ/ሞት/ሰ (ኣሕዳራት ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ኣርእስቲ ውዕል፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ)
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረት (ሃገራዊ)
ሚ/ት/ክተ/ሞ/ት/ሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ንዓመት 2027 ንተማሃሮ ዝውዕል ቀረብ መግቢ ኩጫርት ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም፡፡

1. ሚ/ት/ክተ/ሞ/ትሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ሰጋ ጤል) ብዕሹግ ደብዳበ ከቕርቡ ይዕድም፡፡
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት'ዩ፡፡
3. ተጫረትቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2026 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን መንነትን ናይ ዓመት 2025 ክሊራንስ ናይ ኣታዊ ውሽጢ ሃገርን የቕርቡ፡፡

4. ተጫረትቲ ተወሳኺ. ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ፥ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ጨ/ሓ/ኣገልግሎት ዕድግን ኣብ ቁጽሪ 20 ወይ ብቁ. ቴሌ 200593 ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ፡፡
5. ብቑዓት ተጫረትቲ፡ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ሰነድ ጨረታ ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
6. ጨረታ ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ክሳብ ዕለት17/11/26 ሰዓት 9፡30 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ፡፡ ደንጉዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ፡፡ ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወከልትን ክሳተፍ ዝደሊ. ሱበን ስነ ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ኣዳራሽ ሚኒስትሪ ትምህርቲ (ጨ/ሓ/ኣገ/ዕድግን) ዕለት 17/11/26 ሰዓት 10፡00 ቅ/ቀ ብግልጺ. ይኽፈት፡፡
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ (ሓምሳ ሽሕ ናቕፋ ) ክስነ ኣለዎ፡፡ CPO ምስ መጫረቲ ሰነድ ተታሓሒዙ ብስታሪት ኣብ ሳንዱቕ ጨረታ ይኣቱ፡፡
8. ጨረታ፡ መምርሒ. ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ፡፡
9. ሚ/ት/ክተ/ሞ/ትሰ (ንቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሕጋዝ) ብምሉእ ወይ ብከፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚ/ት/ክ/ተ/ሞ/ት/ሰ
(ቤት ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ)
ቴሌፎን 200593

# ባና ትምህርቲ

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ዓምዲ

ኣሮን ተኽለ

## ከመይ ጌርና ገንዘብ ንቑጥብ፧

ከመይ ጌርካ ካብታ ዘላትካ ኣታዊ ገንዘብ ትቑጥብ ወይ ባህሊ ምቑጣብ ተማዕብል፡ ካብቶም ኣገዳሲ ውሕሉል ልቦና ዘድልዮም ኣካል ሂወት ወድሰብ እዩ። ዘቐመጥካዮ ገንዘብ ኣብ ጸገምካ ከም መፍትሒ ሽግርካ እዩ ዝጠቕመካ። ብሰንኪ ኣብ ግዜኡ ዘየቐመጥካዮ ገንዘብ፡ ኣብ ድሌትካን ኣብ ክትረኽቦ ዝደለኻሉን ትሰእኖ። እምበኣርከስ ከመይ ጌርና ገንዘብ ምቑጣጥ ንላመድ ዝሕግዙና ገለ ክንብል።

1. ንጹር ኣታዊኻ ምፍላጥ
2. ብንጹር ዕላማ መቐመጢኻ ምንጻር፦ ክትገዝኦ ዝደለኻ ምፍላይ። ንኣብነት ብሽክለታ፡ መኪና፡ ገዛ፡ መሐለውታን ዕዳ መኽፈልን ወዘተ።
3. ዓቕሚ ወጻኢታትካ ምልላይ፡ ኣታዊኻ ምርኩስ ጌርካ ባጀትካ ምምቅራሕ።
4. ወጻኢታትካ ምፍላይ
5. ባዕሉ ዝኸይድ ኣካይዳ ምሕንጻጽ።
6. ብሚእታዊት 50፡30፡20 ተጠቐም።
- 50%፦ ዘይተርፍ ኣገዳሲ ወጻኢታት
- 30 % ንቕድመኻ ዝገዛዛእ፡ መዘናግዒ፡ መበጻጽሒ፡ መጉዓዝያ፡ ውልቓዊ ዕብየት (ትምህርቲ ሞያ)
- 20% ዝቐመጥ ወይ ዕዳኻ ትኸፍለሉ።

7. ናብራኻ ጸቢብ እንተኾይኑ፣ ከም ሓድሽ ደሞዝ ወይ ናብራኻ ዘይውጥጠካ ወይ ዘሸግር ሓሳፍነት ዘይብልካ እንተኾይኑ ከኣ፡ ናይ ልቓሕ ትካላት ምጥቃም። ንኣብነት፡ መውልል።
8. ዕቑብ ምስ መሳርሕትኻ ወይ ብትካል ደረጃ ምጥቃም። ንኣብነት ኣብ ሓንቲ ግዝውቲ፡ ኣብ ጎረባብቲ ዱኳናት፡ መምሃራን፡ ሓካይም ...ወዘተ።
9. ካሳ ሰሪሕካ ምድላው።
10. እቲ ዝበለጸ ካሳ፡ መጠራቐሚ ሕሳብ (BOOK ACCOUNT) ምህላው።

ኣብ'ዚ ክንሓስቦ ዘለና ግን፡ ቁጠባ ድሕሪ ነዊሕ ትዕግስትን ግዜን ዝመጽእ ዓወት እዩ። ገንዘብ ተዋህላላይ ምኳኑ ኣሚንና፡ ሎሚ ነቐምጦ ገንዘብ ጽባሕ ከምዝሐጋግዘና ርጉጽ እዩ።

ብቕልል ዝበለ'ኸ ከመይ ጌርና ንቑጥብ!

1. ብንእሽቶ ጀምር። ንኣብነት፡ ኣብ ገዛኻ ባዕልኻ ከይተሸገርካ፡ ወርሓዊ ዋላ 10 ናቕፋ ጀምር።
2. ኣብ ዝርአ መዘከሪ ግበር። ንኣብነት፡ ዋቕሲ፡ ዓውደ ኣዋርሕ ምድላው ምስ ርኣኻዮ ከተቐምጦ ይሕግዘካ።



3. ካሳ ስራሕ፦ ነታ ካሳ ከኣ ትኽፍተላ መዓልቲ ፍለየላ። ምናልባት ዘቐመጥካዮ ተልዕል እንተኴንካ ከምዘይትኽፈት ወይ መፍትሒ ብቐሊሉ ኣብዘይትረኽቦ ምቕማጥ።
4. ካብታ ዝጀመርካላ ዕለት ጀሚርካ፡ ዓቕሚ ምቕማጥካ ገምግም።

ብሓፈሻ ዘዋህልል ሰብ ወጻኢታቱ ዘጉድል ኣምበር፡ ኣታዊታቱ ዘብዝሕ ኣይኮነን። ኩሉ ግዜ እተውጽኦ ገንዘብ ሕጂ 'የድልየኒ'ዶ፧ ስለምንታይ፧' ምባል። ዘድልየና ዘይኮነ ዘገድሰና ምዕዳግ።

ከመይ ጌርና ወጻኢታትና ነጉድል ክእ ንርአ።

1. ዝርዝር ዘድልየና ዘይተርፍ ነገራት ምምዝጋብ፡ (ኣብነት፡ ግዛ-ክራይ ግዛ፡ ጸዓት፡ ማይ)
2. ቅድሚ ገንዘብ ምውጻእኻ ነብስኻ ምሕታት።
- የድልየኒ ድዩ፧
- ዝበረኒ እንተኾይኑ ከኣ፡ ክሰርሖ ወይ ክዕረ ይኽእል'ዶ፧
- ኣብ መደበይ ነይሩ'ዶ፧

3. ብዛዕባ ውልቓዊ ዕብየትካ ምግምጋም፡ መጻኢኺ ምስራዕ።

ኣብ መደምደምታ፡ ዝኾነ ሰብ ንኸዋህልል እቲ ዝበለጸ፡ ተበግሶ እዩ። ተበግሶ እንተሃልዩ ዘይብጽሖ የለን። ብፍላይ ክኣ ወለዲ ንደቆኹም ባህሊ ምውህላል ከተላምድዎም ኣለኩም። ኣብ ዓቕሚ ኣዳም ምስ በጽሑ መጠራቐሚ ሕሳብ ክህልዎም ምግባር። ወይ ነፍሲ ወከፍ ካሳ ኣዳሊኻ 10 ወይ 20 ናቕፋ ገይርካ ምጅማር የድሊ። ሎሚ ዝተበገሰ እዩ ጽባሕ ዝዕወት።

## ኣዝግኒኒ..... ብምንታይ፧



1. ብገርገራ፧
2. ብብራሾ፧
3. ብንቅ፧
4. ብባሊና፧

ህላወ

### መልሲ

1. ኣድጊ ብላዕ ምስ ኣእጋራ።
2. ምሸት ምሸት መዓኮርካ ትበላሾ።
3. ምሸት ምሸት መዓኮርካ ትንቀ።
4. ኣነን ንስኻን ሸኮሪና።

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ቀደም ዘመን ከምዚ ሎሚ ኩሉ ሰብ ብስሩዕ ከይተማሃረ፣ ክልተ ኣዕሩኽ ነበሩ። ትምህርቲ ስለዘይነበሮም ከኣ፡ እታ ኣብ ዓዶም ዝተማሃሩዋ ጉልበታዊ ስራሕ ጥራይ እያ ነይራ። ሓደ መዓልቲ ከምቀደሞም ጉልበታዊ ክሰርሑ ኢሎም ወፈሩ። እቲ ሓላፊኦም ከኣ እንተረአየዎ ንእሽቶ ወዲ፡ ኩነታቱ ገረሞም። ወዮ ቀልዓ ኢሎም ዝነዓቑዎ፡ 'በሉ ስራሕኩም ነዚ ካናለ ምፍሓር'ዩ። 3 ሜትሮ ንታሕቲ 6 ሜትሮ ንጎኒ ከምኡ'ውን 5 ሜትሮ ንቑመት።' ኢሉ ኣዘዞም፡ ክሳብ ዝጅምሩ ድማ ኮካ-ኮላ ሒዙ ኣብ ጽላል ኮፍ ኢሉ ይዕዘቦም ነበረ። ምኹዓት ጀሚሮም ኣብ ፍርቂ ምስ በጽሑ፡ እቲ ሓደ ሰራሕተኛ ነቲ ብጻዩ፡ "ዓርከይ! ኩልና ደቂ 9 ወርሒ እንዲና። እንታይ ስለዝኾነ እዩ ንሱ ኣብ ጽላል ኮፍ ኢሉ፡ ንሕና ከኣ ድኪትና ንሰቲ፧ ብኾፉ ከኣ ልዕሌና ይኽፈል ይኸውን።" በሎ እናማረረ። ወይ ብጻዩ ከኣ ተቐብል ኣቢሉ፡ "ሓቅኻ ኢኻ። ኣነ'ውን ስራሕ ዘለዎ መሲሉኒ። ንሕና እናሰራሕና ኮፍ ኢሉስ ክኽፈል'ዩ። ምኽንን ንሕና'ውን ንምንታይ ንፍሕር ከምዘለና'ኳ ዘይንፈልጦ።" ተቐቢሉ ኣትረረመ። ከምዚ እናበሉ



ከኣ ኣብ ሓደ ሓሳብ ተሰማምዑ። ሓደ ከይዱ፡ ምስጢር ኮፍ መበሊኡ ክሓቶ'ሞ ንሳቶም ከኣ ኮፍ ክብሉ። ከም'ቲ ዝተበሃሃሉዎ፡ ሓደ ካብኣቶም ክሓቶ ከይዱ፡ እቲ ብጻዩ ከኣ ሓመድ ከውጽእ ባዴላ ሒዙ ሓኾኽ ክብል ጀመረ። ወዮ ሰራሕተኛ ናብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዝነበረ ቀርብ ኢሉ፥ "እንጂነር! ከመይ ጸኒሕካ፧" ኢሉ እናተዛወኸ፡ "ንሕና ንሰርሕ ንስኻ ኮፍ ኢልካ፡ ንሕና ኣብ ጸሓይ ንስኻ ኣብ ጽላል። ብዓቢኡ ንስኻ ጽሩይ ንሕና ረሲሕና። ከመይ ከመይ'ዩ፧ ኩልና ሰባት እንዲና፧ እንታይ'ዩ ምስጢሩ፧" ኢሉ ሓተቶ። እቲ እንጂነር ከኣ ክዕዘቦ ጸኒሑ፡ "ሓቅኻ ኢኻ። ኣነ'ውን እናሓሰብኩ እየ። ካብ ብጉልበት ሰብ፡ ብምሽነሪ ይሓይሽ። ስራሕ ካብ ደው ዝብል እዩ። እቲ ዝበልካዮ ግን intelligence እቲ ምስጢር።" በሎ።

እቲ ሰራሕተኛ፡ ጋን ኮይኑዎ፡ እታ ቃል'ውን ኣይፈልጣን ስለ ዝነበረ፡ "እንታይ እዩ 'INTELLIGENCE' ማለት'ከ፧" ኢሉ ሓተቶ። እቲ ኢንጅነር ክኣ ወዲ ሰብ መምዝኒኡ ስሪሑ ኣተሓሳሰብኡ ምዃኑ ኣረድኦ። እቲ ሰራሕተኛ ግን ክኸደሉ ኣይከኣለን። እቲ ኢንጅነር፡ ኢዱ ኣብቲ ኣብ ድሕሪኡ ዝነበረ ገረብ ኣተርኢሱ፡ "ህረመኒ" በሎ። እቲ ሰራሕተኛ ብሓይሊ ክሃርሞ ኢዱ ዓሚኹ ወርወረሉ። እቲ ኢንጅነር ስለዘለሓቖ፡ ነቲ ገረብ ሃረሞ። ኢዱ እናሓሰየ ከኣ፡ "ዋይ ኢደይ! እንታ'ታይ ወሪዱካ፧" በሎ። እቲ ኢንጅነር ከኣ፡ "ስምዓኒ፡ ክሰሕተካ ምኻነይ ኣብ ግምት ኣየእተኻዮን። ክህረም ዝደሊ የለን። ስለዚ ጥበብ፡ ሓሳብ፡ ክእለት እዩ ዘሰርሓና ዝኸፍለና ዘሎ። ትምህርቲ ካብ ጉልበትን ሃልክን እዩ ዝገላግለካ፡ ስለዚ ሓደ ሞያ ክትመሃር ኣለካ። ንሱ'ዩ intelligence ።" ኢሉ ኣረድኦ። ወዮ ሰራሕተኛ፡ ነዛ intelligence ሒዙ ኣመሰጊኑ ናብ ብጻዩ ከደ። ብጻዩ ባዴላ ገይሩ ሓመድ እናውጽአ ክጽበዮ ጸንሓ። "ኢሂ'ታ! እንታይ ኢሉካ፧" ኢሉ ብታህዋኽ ሓተቶ። "ዓርከይ፡ intelligence ኢሉዋ!" በሎ። እቲ ብጻዩ'ውን ኣይተረደኦን። እታ ገረብ ትዝ በለቶ'ሞ ከረድኦ ኢሉ፡ "ኣልዕሎ እሞ ባዴላኻ።" ኢሉ ኢዱ ኣብ ገጹ ገይሩ፡ "ህረመኒ!" በሎ። እቲ ብጻዩ ከኣ ባዴላኡ ኣልዒሉ ክሳዱ ቀረጾ። ስለዚ ትምህርቲ ንሓደ ነገር ብኹሉ ማእዝኑ ክትርኢ ይሕግዘካ። ፍቱዋት ተመሃሮ ንጽባሕ ዕጥቅን ሰንቅን ዝኾንና ሎሚ ንመሃር።

## ጽውጽዋይ

ሓደ ተማሃራይ መዋእለ ህጻናት፡ ነቡኡ ብዛዕባ ዝተመሃሮ የዕልሎ ነበረ። ተማሃራይ፡ "ባባ! ሎሚ ብዛዕባ ጽሬት ኣስናን ተማሂርና። ኣስናን ንመብልዒ ይጠቕሙና። ንግሆ ንግሆ ብራሽ ክንገብር ከምዘለና ተማሂርና።" ኢሉ እናዕለለ ከሎ፡ ኣቡኡ ይከታተሎ ከምዝሎ ክፈልጥ፡ "ባባ! እስከ ሕተተኒ" በሎ። ኣቡኡ እቲ ተማሃራይ ዝበሎ ገዲፉ፡ "ሕራይ ዝወደይ። ክንደይ ዓይነት ኣስናን ኣለዉና፧" ኢሉ ዘይተማሃሮ ሓተቶ። እቲ ተማሃራይ፡ ብዙሕ ሓሲቡ ግን ኣይተመሃሮን። ዝመሰሎ ከምዚ ክብል መለሰ፡ "ኣርባዕተ ዓይነት ስኒ ኣለዉና፡ ፍጮ ስኒ፡ ባዕካ ስኒ፡ ወርቂ ስኒ፡ ኣርባዕተ ዓይነት ስኒ" ኢሉ መለሰሉ። ንስኹም'ከ ትፈልጥዎም'ዶ፧

ስነ-ፍልጠት 2ይ ክፋል

1.ኣብ ማይን መሬትን ዝነብሩ እንስሳታት እንታይ ይብሃሉ፧
2.ኣንፈት ንፋስ ዝሕብረና መሳርሒ እንታይ ይብሃል፧
3. መስርሒ ፈርኔሎ፡ መኪና፡ ማዕጾን ስሊክን ዝጠቕመና እንታይ ይብሃል፧
4. ኣብ ማይ ዝነብሩ እንስሳታት እንታይ ይብሃሉ፧
5. ___ መጠን ብዝሒ ዝናብ መዐቀኒ ትጠቕመና።



**ኣዛምድ** 1ይ ክፋል

| | |
|---|---|
| 1) ወላዲ | ሀ) ዓርኪ |
| 2) መሓዛ | ለ) ኣቦ |
| 3) ጨለጠ | ሐ) ደበለ |
| 4) ዘለለ | መ) ሰተየ |

## ሕብሪ ለኺኹም ኣስማተዃም ጽሓፉ



ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ- ክ/ቶም/ንዓበይትን ሚድያን-
ተሌፎን 114991
Po.Box- 609
lay-out ኣብል መንግስ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

## ሓሳባት: ዘመነይ ምጭውቲ

ኣሮን ተስፋኣለም

ዘመነይ ምጭውቲ! ከማኺ ዓይነት ድንቂ ዝኾነት ፍጥረት ዝፈጠረ ሓይሊ፡ እጹብነቱ ንኽመስክር ኢሉ እዩ እሞ ንዓኺ ብምውዳስ ነቲ ሓይሊ'ቲ ከም ምምስጋን ክሕሰበለይ እትስፎ። ብዓንደ ርእሱ፡ እቲ መለኮታዊ ሓይሊ ንባዕሉ፡ "ፍቕሪ'ዩ" ኢና እንብል። ንስኺ ከኣ ፍቕሪ ትምህሪ ካብ ሃለኺ፡ መገዲ ጽድቂን መገዲ መለኮትን ትመርሕኒ ኣለኺ ማለት ዘይኮነን፧

ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ዕድመ፡ ንፍቕሪ ዝተፈላለየ ትርጉም ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ብተመሳሳሊ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ህይወት ካብ ፍቕሪ እንጸበዮ ነገር እንኮ ዘይክኸውን ይኽእል። ንኣብነት ኣብ ንእስነት ጸጽቡቑ ጥራይ ኢኻ እትምነ። ኣብ ንእስነት፡ ፍቕሪ ሓጉስ ንክፈጥረልካ ግድነት ኢኻ እትጽበ። ኩሉ ካብ ፍቕሪ ዝርከብ ጽቡቕ ነገርን ሓጉስን ድማ ምሉእ ክኾነልካ ትህንጥ። ምህንጣይ ጥራይ ዘይኮነ ተርባጽ እውን ትሕውሰሉ ኢኻ። ንእስነት ከምኡ እዩ። ዕድመ እናወሰኽካ እንክትከይድ ግን ሓጉስን ጽባቐን ከም ቅድመ ኰነት ዘይክውሰድ ይኽእል። ምኽንያቱ ብዛዕባ ክብርታትን ሓቅታትን ልዑል ተገዳስነት ስለ እተጥሪ። ኣነ ግን ደረታት ግዜ ተፈናጢሱኒ፡ ሓቅታቱ፡ ጽባቐታቱ፡ ክብርታቱን ሓጐሱን ብሓንሳእ ከስተማቕር በቒዐ - ብሳላ ፍቕርኺ። ይመልኣለይ እዩ ዘብል። ዓይኒ ሓሳድ ከኣ፡ ምናልባት እንተ ሃልዩ፡ ይድፈነለይ። እወ፡ ድፍንፍን! የብለለይ።

ወይ ጉ...ድ! ገጢሙኒ ዘሎ ተሃብር ንበይኑ'ዩ ዓይነቱ። ብፍቕርኺ ተደሪኸ ብዛዕባ ፍቕሪ ክፈላሰፍ ኣብ ዝፍትነሉ ብስርዓት እየ ዝፍሽኽ። የርምመኒ በቃ!

ዘመነይ ምጭውቲ፡ ልክዕ ከምዚ ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ማይ ዝመልአ



ከትራ፡ ተተፈርፊረ ክፍርሻሕ ይስመዓኒ'ሎ። ከምዚ ብዙሕ ማይ ብመስኖ፡ ብከናለ ዝተፈነወላ፡ ብግቡእ ዘይተጀረፈት ንእሽቶ ቃጽያ ግዲ ኮይነ፡ እቲ ዓቕመይ እየ ዝብለኪ፡ ኩሉ ዓይነት ደረታት ይፈናጠሰኒ'ሎ። መወዳእታይ የጸብቀ።

ምኻድ ኣብዚሐ ወሰናወሰን
- ከም ዘፍቀርኩኽስ ሓፍተይ
ፈሊጥኪዶ'ኾን

ወትሩ ልምዕቲ ቈጽሊ ሽተነ
- ኣነስ ምሳኺ ዋላ ዝኾነ
ክኾነ(...)

ተዋሪደኮ! ሓሓሊፍኪ እናጸናሕክኒ። ዝደልዮን ዘይደልዮን ኣቐዲምኪ ትፈልጥዮ። ቀብ ተብልኒ፣ ዘይተላብዊ። በቃ! ምሕላፍ ትኽልእኒ። ገለ ግዝያት ከኣ፡ ከምዛ ዘይትፈልጢ ትኾኒ፣ ፈኖ ትገድፍኒ። ኣነ ወዲ ገርህልባ፡ ዘሸካዕኩኺ ይመስለኒ እሞ፡ ዓንጀልጀል እቐጽል። ባዕሉ ክመሃር እዩ ኢልኪ ብምሕላን ኢኺ'ኮ እተስቅጢ። እቲ ስቕታኺ ምእንቲ ፍቕሪ ትሕለፍ

... ትሕለፍ ኣንጭዋ ዝዓይነቱ ስለ ዝኾነ ብኽፍኣት ኣይወሰድኖን እየ። ምኽንያቱ ብልቦና ዝዥቕበብኪ ክብርቲ ደመት ስለ ዝኾንኪ፣ ምኽንያቱ ብጽባቐኺ እተፈስሂ ማመት ምኻንኪ ስለ ዘስተውዓልኩ።

ሳሕቲ፡ "ፍቕሪ፡ ፈዳዩስ ፈዳዩ ኔርካ ግን ደንጓዩ እንዶሞ ኼንካ፡" ብምባል ኣስቈርቍር እየ። ብዓቕሊ ተጸብየ ዝረኸብኩኺ መኽሰብ ምኻንኪ ብዝዘከርኩ ግን ሩፍ እብል፡ ይዓርፈለይ። ኣቲ ዘመነይ፡ ኣብ ወርሒ መስከረም ከም ዝጀመረ ከፍልጥ ምእንቲ ድዩ ደኣ እዚ ተኸሊ ፍቕርና ብዕምባባታት ዘጕላዕልዕ ዘሎ፧! ቍራዕ ሓምሊ ከየውጻእና ገዓት ጠስሚ ፍቕርና ክኣቱ እስከ ንመነ። እንድዒ ንስኺ ትብልዮ እምበር ኣነስ እቲ ዝምነዮ ገዓት ዋላ ይረኸብ ነቲ ሓምሊ ክዕቅቦ'የ። በሊ ኣነስ ነዚ ምቑው ፍቕሪ 'ሆየ ሆየ' ክበሃለሉ ኣሎዎ በሃላይ እየ። ሃበስቀደስዶ መሲሉ እዚ ዘረባይ፧ ገና! ገና! ሃበስቀደስ ማንካ ኣየልዓልኩሉን። ብመሰረቱ ብፍቕሪ ተገዲድካ እትብሎ ሃበስቀደስ ሓላል

እዩ።

(...) ኣቲ ወይናየ ወይና -
ዝበልክኒ ክኾና።

ስየ ጓል ዓቢ ሩባ - ጸጊሙኒ ዘረባ

ስየ ጓል ዓቢ እምባ - ኣሕፊሩኒ
ዘረባ (...)

ስምዒ'ንዶ፡ ልእኽቲ ዲኺ፧ እንታይ ግዲ'ዩ ዕላማኺ፧ ብሳላኺ ነቲ ውዑይ፡ እሳት፡ ኣምራቑ ኩነታት ከይሸለቑኩ፡ ከይሓረርኩ እየ ሓሊፈዮ። ባህረይ ጠረው፡ ገታር ዋላ እንተኾነ ነቲ ውሕጅ ለዚበ ኣፉንየዮ። ዕድል ድዩ፡ ምረቓ ድዩ፡ ጽሕፍቶ ድዩ ኣይርድኣኒን፣ ንኣላ እትበሃል ጽንክርቲ እዋን ግን ብሳላኺ ተቢዐ እወጽኣ ከም ዘለኹ ክምስክር እደሊ። "ዝቐደመ ኣይኸፋእ፡" ጥራይ'ዩ ዘብል። ከምኡ እውን፡ እቲ ኣብ ገለ ኣጋጣሚታት ዝወርድ ኣስሓይታ ንእለት ምእንቲ ክጽርገፍን ፋሕፋሕ ኢለ ንኽማሙቕን፡ ዘመነይ ምጭውቲ ኣብ ጐድነይ ከም ዘለኺ ምዝካር ጥራይ እዩ ዘድልየኒ። ካብ ዓይንኺ ዝተኸወለ ኣይኮነን፣ ከምዚ ንዝተርከሰ ኣካሉ ዘዝፍፍ ኣባጃዊ መሲለ ኣብ በሪኽ ውጺአ ብወኒ እና'ንገፍገፍኩ እንክዝምር፡ ሰብ ዘበለ ሰኪሑለይ እዩ።

(...) ዑፍዶ ክኸውን ዑፍ
ገበላኺ

ወይኒ ክኸውን ሓረግ ገዛኺ

ወይስ ሽባኻ ተኽሊ ደንበኺ

ዓይነይ መሊአ ንኽርእየኪ (...)

ሎም-ሎሚስ ተሰኪፈ። ኣነ ዝህበኪ ዘይብለይ ክንሰይ ንስኺ ዘይሰፈር ሓልዮት ከተርእዩኒ ዘፍርህ እዩ፣ ብኡነት። ሸቝርርዶ ትፈልጢ፡ ሸቝርር! ክብል ጀሚረ'ለኹ... እንተ ሕሹክስ!

ካብ ስክፍታ ክገላገል እንተ ደሊኺ፡ ገለ ነገር ሃበኒ በልኒ። በጃኺ! ሃበኒ ንኽትብልኒ ኣብ ብርክኺ ወዲቐ ክልምነኪ እኽእል'የ። ኩሉምለይ ንኽምጥወልኪ ዋላ ሕተትኒ'ንዶ...። "ሃበኒ ምባል ህበይ ይገብር፡" ከም ዝበሃል፡ ንስኺ ከኣ ኣኽባሪት ልምድታትን ዓቃቢት ባህልታትን ሰባ ስለ ዝኾንኪ፡ ሃበኒ ምባል ከሰክፈኪ ይኽእል'ዩ። ኣነ ከንብቦ ዝኽእል ንእሽቶ ምልክት ጥራይ ግበርለይ። ካብቶም ፎኾስኮስ ምባል'ዩ ኢልኪ እተቃልልዮም ሰንእንኣትን ሰውያታትን ቋንቋ ፍቕሪ በጨቕ ኣብልለይ። ገለ ካብቶም ህርመታትን ቅኒታትን መዝሙር ፍቕሪ ኣስምዕኒ። ደሓን ዋላ ተገንጨርለይ'ንዶ፡ ኮርነፍ ኮርነፍነፍ በልለይ፣ ሓውሲ ብኹራ ተወሓጢ። ሸዑ ክትርእይኒ ኢኺ፡ እንታይ ከም ዝህበኪ። ንምኳኑ "ለምንኒ፡ ሃበኒ በልኒ" ዝብለክስ ዘወሃብ ኣሎኒዶ ትብልኒ፧ ንኣኺ ዘበቅዕ ማለተይ'የ፧ ስክፍታይ፡ ፍርሀይ ከኣ እዚ'ዩ፣ ካልእ ከይመስለኪ ዘመነይ ምጭውቲ።

ዛጊት ንኣኺ ዘዕግብ፡ ዘነይት ትሕዝቶ እንታይ ክህሉወኒ ኢሉ። ብትሕዝቶን ብልግስን ካባይ ዝበልጹ ካልኦት እናለመኑኺ ናባይ ምዝዛውኪ ግን ይገርመኒ። ኣቐዲመ "የፍርሃኒ" ድየ ዝበልኩ። ሓቀይ እንድየ'ሞ - ፍርሂ ሓሊፉኒ ሸቝርር እብል። ስምዕኒ'ንዶ፡ እንታይ ድዩ መደብኪ፧ ንኣይ ንኽተዕድዩ ዲኺ ተላኢኽኪ፧ ግን ሓደራ'ኺ፡ ኩነታተይ ምስ ነብሰ ምትሓት ከይተተኣሳሰርዮ። ካባይ ዝሓይሽ ክፈጥረልኪ ዝምነ እቲ ደላይ ጽቡቕኪ ኣፍቃሪ እየ ዝዛረበኪ ዘለኹ። እቲ ሓቀኛ፡ እቲ ነብሱን ነብሲ እንዳማቱን ኣብ ምእማን ዘይቅደም፣ እቲ ጽኑዕ ወዲ መሬት እዩ ዝፍርሽሓልኪ ዘሎ። እወ እቲ ብዙሕ ዘዕቍብን ዘማዕቍብን ዓሚቝ ባሕሪ እዩ ከም ማዕበል ዝገላበጠልኪ ዘሎ።

(...) ኣንባር ክኸውን ኣንባር
ናይ ኢድኪ

ኢደይ መሊአ ክድህሰሰኪ።

መስተር ክኸውን ናይ ወለባኺ

ክትርኣሶ ጸጕሪ ርእስኺ (...)

ሕሩመይ!

"ዓለምና ንሓያላት ብዝጥዕም እያ ተዳልያ፡" ተባሂሉ ይዝረብ እዩ። ሓያላት ኢና በሃልቲ ንኽማኺ ዝኣመሰላ ዕምበባታት መስከረም ምቕንጣብ ዘኽእሎም ብዙሕ ዕድላት ዘሎዎም ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል እዩ። ዘየሎ መብጽዓታት እናሃቡ ክብለጹ ዝፍትኑ እንተ ሃለዉ እውን ኣየገርምን። ኣድህቦ ንኽትረኽቢ ምእንቲ ሓገዛት ከበርክቱን ተደላዩት ኮይኑ ንኽስምዓኪ ብምሕላንን ንዝቐርቡኺ "ሰብ ሓይሊ" እውን ነቒሕክሎም ትኾኒ ኢኺ እብል። ኣነ ናትኪ ምሩኽ እየ ኢለ'ኳ እንተ ዘየጋንንኩ፡ ናይ ሓሶት ተስፋ እናሃብኩ ዘይጥብር ሓቀኛ ሰብ ኮይኑ እዩ ዝስምዓኒ። እዚ ስምዒት'ዚ ከኣ ምሳኺ ምቅርራብ ምስ ጀመርኩን ብፍቕርኺ ምስ ተለኸፍኩን እየ ኣለልየዮ። እዚ ዘረባይ፡ "ነብሰይ እተፍልጥኒ፡ ዘመነይ ምጭውቲ ረኺበኪ'ለኹ፡" ብምባል ዝትርጐም እዩ'ሞ ወድሓንኪ!

(...) ወትሩ ልምዕቲ ቈጽሊ
ሽተነ - ኣነስ ምሳኺ ዝኾነ
ክኾነ።

ጓል'ዞም ስሙያት ጓል'ዞም
ዓበይቲ - ፍቲ ርቡሓት ሓፍቲ
ኣመንቲ

ምኻድ ኣብዚሐ ወሰናወሰን
- ከም ዘፍቀርኩኽስ
ገሚትኪዶ'ኾን፧

ብርሃን ወጋሕታ ከም ጸርጊ
ጸሓይ - እደሊ'ለኹ ክትነብሪ
ምሳይ

ኣቦ መሪቑ ክምጥወኒ-
ካህን ባሪኹ ከጣምረኒ።
(ወዲትኹል)

## ልቦና: ሰብ ሰብ'ዩ

ብዙሕ ዝፈላሊ እኳ እንተ ሃለወና፡ ንኹሉና ማዕረ ዝገብረና ግን ሰብ ምኳንና'ዩ!

~ ኣንታ ሃብታም ብምኳንካ ክብረት እትደሊ እቲ ድኻ እትብሎ እውን ከማኻ ሰብ'ዩ፣ ስለዝኾነ ክብረት ከም ዝደሊ ኣይትረስዕ!

~ ኣንታ ኣስራሒ ኴንካ ሰራሕተኛታት ቈጺርካ እተሰርሕ ዘለኻ እቶም ተሰርሖም'ውን ከማኻ ሰብ ስለዝኾኑ ከም ዘድኽሙን ማዕረ ድኻሞም ጻማ ከም ዘደልዩን ኣስተብህል!

~ ኣንታ ሰብ እትንዕቕ! እቶም እትንዕቆም፡ ከምቲ ንስኻ ምስ ተንዓቕካ ዝስምዓካ ዝስምዖም ሰባት ምኳኖም እባ እመን!

~ ኣንታ ምሕረት ክትገብር እትሕተት ዘለኻ! እቶም ዝተጋገዩ ከምቲ ንስኻ ሰብ ኴንካ ዝተጋገኻዮ ከም ዝተጋገዩ ዘይምዝንጋዕ!

~ ኣንታ ክእለትን ፍልጠትን ስለ ዘሎካ ዝተፈለኻ ዝመስለካ! እቶም ነቲ ፍልጠትካን ክእለትካ ዝሓቱ እውን ሰባት ብምኳኖም ካብኦም እትደልዮ ክእለትን ፍልጠትን ከም ዘሎ እባ ኣስተውዕል!

~ ኣንታ ኣብ ልዕሊ ሰብ እትጭቁን ዘለኻ! ኣብ ልዕሌኻ ክፍጸም ዘይትደልዮ ነገር ኣብ ልዕሊ ከማኻ ሰባት ትውዕሎ ከም ዘለኻ ተረዲእካ እባ ስኽኽ በል!

እቲ ፍልልይና ብዙሕ እዩ። ምርጫ ግን ካባና እዩ። ብምንታይ ንሓስብ፧ እዩ እቲ ሕቶ። በቶም ዝፈላልዩናዶ ብቲ ማዕረ ዝገብረና፧

ብቲ ዝፈላልየና እንክንሓስብ ፍልልይና ነግፍሕ፡ ኣብ ማዕርነትና እንክንኣምን ብሰላም ንነብር!

ሳሚር ህንጽኣብ

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ወጻኢታት ኣመሪካ ኣብ ኩናት ኢራን ይውሰኽ



ኣመሪካ፡ ኩናት ኢራን ንምኽያድ ካብ'ቲ ክፍሊ ምክልኻል ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ጕሚትዎ ዝበረ መጠን ብልዕሊ 25 ሚእታዊት ዝዘይድ ወጻኢታት ከም ዝበረት፡ ሮይተርስ ንጸብጻብ ወተሃደራዊ ቤት ጽሕፈት ናይ'ታ ሃገር (ፔንታጎን) ምርኩስ ብምግባር ሓቢሩ።

ብመሰረት'ቲ ጸብጻብ፡ ኣመሪካ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኩናት ኢራን ጥራይ 47 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ገይራ ኣላ።

ይኹን'ምበር፡ ፔንታጎን ኑቲ ብወግዒ ዘይተዘርግሐ ጸብጻብ ብዝምልከት ንዝቐረበሉ ሕቶ መልሲ ኣይሃበሉን ዘሎ።

እዚ ብዝዕባ ወሰኽ ወጻኢታት ኣመሪካ ኣብ ኩናት ኢራን ዝምልከት ጸብጻብ፡ ሰልፊ ሪፓብሊካን ምስ'ቲ ንዘቕጽል ክልተ ዓመታት ንኮንግረስ ንምቁጽጻር ኣብ ዝወሰን - ዝመጽእ 3 ሕዳር ዝካየድ ምርጫ ንምዕዋት ኣብ ዝቃለሰሉ ዘሎ እዋን እዩ ዝወጸእ ዘሎ።

እቲ ኩናት ኣብ ወጻኢታት ጸዓት ኣመሪካን ዓለምን ኣሰዒቡዎ ዘሎ ከቢድ ጽልዋ፡ ንሕዱያት ሪፓብሊካን ዝወሃብ ህዝባዊ ደገፍ ክጎድልን ንተቐባልነት ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ድማ ብኣሉታ ዝጸልውን ምኽንያት እዩ ዝንገር።

ትራምፕ፡ ኣንጻር ኢራን ዝካየድ ኩናት ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝቕጽል ምኽኑ ብምሕባር፡ ኣብ ዝሓለፈ ለካቲት ምስ እስራኤል ብምውህሃድ ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ኩናት ምብጋሱ ኣይርሳዕን።

## ብራዚላዊ ፖሊቲከኛ ናብ ኣመሪካ ሃዲሙ

ብራዚላዊ ፖሊቲከኛ ፍላቪዮ ቦልሶናሮ፡ ኣብ ዝሓለፈ መወዳእታ ሰሙን ኣብ ዝተኻየደ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሃገሩ ብመወዳድርቱ ፕረዚደንት ሉላ ዳ ሲልቫ ድሕሪ ምስዓሩ፡ ናብ ኣመሪካ ከም



ዝሃደመ ማዕከናት ዜና ገሊጸን።

ክፍሊ ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ፡ ንቦልሶናሮን ስድራኡን ቪዛ ከም ዝሃበን ናብ ኣመሪካ ክኣቱ ከም ዝፈቐደሎምን እኳ እንተ ገለጸ፡ ቦልሶናሮ ኣብታ ሃገር ንኽነብር እዋን ከም ዝጸንሕ ዛጊት ኣይተሓጸረን ዘሎ።

ኣብ ሓያሎ ጉዳያት ኣብ ትሕቲ ሕጋዊ ምክትታል ኣኽበርቲ ሕጊ ብራዚል ዝርከብ ፍላቪዮ ቦልሶናሮ፡ ታሪኽ ህይወት ናይ'ቲ ዕልዋ መንግስቲ ክፍጽም ሓሲቡ ተባሂሉ ኣብ ናይ ገዛ ማእሰርቲ ዝርከብ ወላዲኡ ፕረዚደንት ነበር ጃየር ቦልሶናሮ፡ ብመልክዕ ፊልም ንምቕራብ ንዘሰልዮ ባጀት ብዝምልከት'ውን መርመራ ብልሽውና ክካየደሉ ምጽንሑ ይሕበር።

ቦልሶናሮ ናብ ኣመሪካ ቅድሚ ምኻዱ፡ ንሓጺር እዋን ኣብታ ጎረቤት ብራዚል ዝኾነት ኣርጀንቲና ከም ዝጸንሐ'ዩ ዝግለጽ።

## ኢራን፡ ኣብ ልዕሊ ኩባንያ ደ/ኮርያ እገዳ ኣንቢራ

ኩለን ዋንነት ደቡብ ኮርያዊ ኩባንያ መራኽብ 'ሲኖኮር' ዝኾና ንግዳውያን መራኽቡ፡ ካብ 1 ሕዳር ጀሚሩ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወሰደለን ምኽኑ፡ ኢራናዊ ብዓል መዚ ወሽመጥ ዓረብ ሓቢሩ።

እቲ ብዓል መዚ ብማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ኣብ ዘዘርገሖ ሓበሬታ፡ መራኽብ ኩባንያ ሲኖኮር ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ኣብቲ መጽብብ ዘለዓለ መጠን ጥሕሰት ከም ዝፈጸማ፡ ብውሑዱ ድማ ኣብ ልዕሊ ሽውዓተ መራኽብ ግቡእ ስጉምቲ ከም እተወሰደን ገሊጹ።

ማሕበር ወነንቲ መራኽብ ደቡብ ኮርያ ብወገኑ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እተን ብመንግስቲ ኢራን ዒላማ እገዳ ኮይነን ዘለዋ መራኽብ ብኩባንያ ሲኖኮር ዝውነና ከም ዘይኮና ብምሕባር፡ ንሓደ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከብ ኩባንያ ኑዳዲ ተኻርየን ከም ዝበራ፡ ከምኡ'ውን ደቡብ ኮርያውያን



ሰራሕተኛታት ከም ዘይብለንን ኣብሪሁ።

ኩባንያ ሲኖኮር፡ ብዛዕባ'ቲ ኢራናዊ ብዓል መዚ ንሕጋዊ ስጉምቲ ኣመልኪቱ ዝሃቦ ፍሉይ መጠንቀቕታ ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ሓበሬታ ስለ ዘይነበሮ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ንምርካብ መርመራታት የካይድ ከም ዘሎ፡ እቲ ማሕበር ገሊጹ።

ኢራን፡ ብ28 ለካቲት ኣመሪካን እስራኤልን ኣብ ልዕሊኣ መጥቃዕቲ ካብ ዝጀምራ ንደሓር፡ ብማያዊ መስመር መጽብብ ሆርሙዝ ኣብ ልዕሊ ዝሓልፋ መራኽብ ዝጸንሓ ቍጽጽር ኣጽኒዓቶ ከም ዘላ ይፍለጥ።

ኣመሪካ ብወገና፡ ንመጥቃዕቲ ኢራን ምላሽ ንምሃብ፡ ኣብ ልዕሊ እተን ኣብ'ቲ መጽብብ ምስታ ፋርሳዊት ሃገር ምትእስሳር ኣለወን ዝበለተን መራኽብ እገዳ ከም ዘንበረት ኣይርሳዕን።

## ስጳኛ - ብሓደጋ ባቡር 64 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደቡባዊ ክፍሊ ስጳኛ ብዘጋጠመ ሓደጋ ምግጫው ክልተ ፈጣናት ባቡራት፡ ብውሑዱ 64 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሓለዋ ሲቪላዊ ድሕነት ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።

እቲ ሓደጋ፡ ኣብታ ሃገር ኣብ ውሽጢ ልዕሊ ዓሰርተ ዓመት ካብ ዘጋጠሙ ተመሳሰልቲ ሓደጋታት እቲ ዝኸፍአ ኮይኑ፡ ኣብ'ዚ ዓመት'ዚ ንኻልኣይ ግዜ ዘጋጠመ ተመሳሳሊ ሓደጋ ምኻኑ'ዩ ዝሕበር ዘሎ።

ኣብ ክልተአን ባቡራት ኣርባዕተ ማእቲ




ተጓዓዝትን ሰራሕተኛታትን ከም ዝበሩ'ዩ ዝግለጽ ዘሎ።

በቲ ሓደጋ 122 ሰባት ኣካላዊ ጉድኣት ከወርዶም እንከሎ፡ ኣርባዕተ ህጻናት ዝርከብዎም 43 ሰባት ድማ ኣብ ሆስፒታል ተዓቚቦም ደርከበ።

ሚኒስተር መጓዓዝያ ስጳኛ ኦስካር ፑኤንተ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ንምፍላጥ መርመራ ኣብ ዝካየደሉ ዘሎ እዋን፡ ቁጽሪ ምውታት ክውሰኽ ልዑል ስግኣት ከም ዘሎ ኣረዲኡ።

'ረንፈ ኤቨኢ' ዝተሰምየት ባቡር፡ ኑታ ደው ኢላ ዝበረት 'ኢርዮ' ዝተሰምየት ካልእ ባቡር ድሕሪ ምግጫዋ ክልተ ባኸታት ናይ'ታ ባቡር ካብ ሓዲድ ከም ዝወጹ ናይ ዓይኒ ማሰኻኽር ኣረዲኦም።

በዚ ድማ፡ መብዛሕትኦም እቶም ዝሞቱን ዝቘሰሉን ሰባት ኣብ ቅድሚት ባኸታት ናይታ ካብ ማድሪድ ናብ ደቡብ ሁኤልቫ እትጓዓዝ ዝበረት ካልኣይቲ ባቡር ከም ዝበሩ፡ እቶም ናይ ዓይኒ ማሰኻኽር ወሲኾም ሓቢሮም።

ኣብ 2013 እውን፡ ኣብ ሰሜናዊ ምዕራብ ስጳኛ ኣብ እትርከብ ጋሊሽያ ዝተባህለት ከተማ ሓንቲ ባቡር ማስመራ ድሕሪ ምስሓታ፡ 80 ሰባት ከም ዝሞቱን ካልኦት 140 ድማ ከም ዝቖሰሉን ናይ ሽው ጸብጻባት የመልክቱ።

ልዑል ፍጥነት መርበብ ባቡር ስጳኛ፡ ድሕሪ ቻይና ኣብ ዓለም ካልኣይ ዝዓበየ ኮይኑ፡ ኣብ መላእ ናይታ ሃገር ንልዕሊ 50 ከተማታት ዘራኽብ እዩ።

## "በንያሚን ናታንያሁ ዝመርሖ ልፍንታዊ ሰልፊ ይመርሕ ኣሎ" እስራኤል ታይምስ

ኣብ እስራኤል ኣብ ዝካየድ ዘሎ ባይቶኣዊ ምርጫ፡ ልዕሊ 85 ሚእታዊት ካብ ድምጺ ምርጫ ተቘጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ በንያሚን ናታንያሁ ዝመርሖ ልፍንታዊ ሰልፊ 'ሊኩድ' 53 መናብር ኣብ ባይቶ ኣውሒሱ ከም ዘሎ፡ 'እስራኤል ታይምስ' ዝተባህለ ኣገልግሎት ዜና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ኣብ እስራኤል ለውጢ ንምምጻእ ካብ ዝንቀሳቐሱ ውድባት ሓደ ዝኾነ ብፖለቲከኛ ኢያዘንኮት ዝምራሕ ሰልፊ ብወገኑ 48 መናብር ክረክብ እንከሎ፡





ብውሑዳን ኣዕራብ እስራኤላውያን ዝምርሓ ፖለቲካውያን ውድባት ድማ 19 መናብር ረኺበን ኣለዋ።

ይኹን'ምበር፡ ብኢያዘንኮት ዝምራሕ ሰልፊ ምስቲ ብኣዕራብ እስራኤላውያን ዝቖመ ሰልፊ ብሓባር ልፍንታዊ መንግስቲ ክምስርት ዝሰፍሐ ተኽእሎታት ከም ዘሎ እዮም ፖለቲከኛታት ናይ'ታ ሃገር ዝሕብሩ ዘለው።

ኣብ'ዚ ምርጫ ንምዕዋት ተወዳደርቲ ሰልፍታት ብውሑዱ 61 መናብር ክረኽባ ከም ዘለወን ናይ መወዳእታ ውጽኢት ድማ ሎሚ ክፍለጥ ትጽቢት ከም ዘሎ ኮሚሽን ምርጫ ናይ'ታ ሃገር የጽር።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ደንደን | 29/10/2026 | ጎደና-117-15፡ ቁ.11፡ ጥቓ ሼል ዑቕበ ሃይለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services